
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.84 ሰንበት 7 ታሕሳስ 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኣበየናይ ቦታ ኢኻ ኣገዲሲ


ገጽ 4
ዕድላትን ብድሆታትን ጉዕዞ...


ገጽ 5

እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት

ገጽ 7
“ንዝቐሰምናዮ ስልጠና፡ ብግብሪ..


## ማእከል - ልዕሊ 900 ሰራሕተኛታት ጽሬት ሰልጢኖም

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ብምትሕብባር ብምሕደራ ደረቕን ፈሳስን ጐሓፍ ኣብ ትሽዓተ እብረ ዘሰልጠኖም ልዕሊ 900 ሰራሕተኛታት ጽሬት፡ ብ4 ታሕሳስ ኣመረቑ።

እቲ ስልጠና - ኣብ ዘቤታዊ፡ ኢንዳስትርያውን ሕክምናውን ጐሓፍ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ማይ፡ ሓመድን ኣየርን ዘስዕቦ ብኽለት፡ ንጽህና መግቢ፡ ምፍልላይ ጐሓፍ፡ ውልቃዊ ጽሬት፡ ምክልኻል ሓሽራት፡ ከምኡ'ውን ጽሬት ትካላት ዝብልን ተዛማድነት ኣርእስትታት ዝሸፈነ ነይሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ጽሬት ከቢድን ከተማን ናይ ምርግጋጽን ምዕቃብን ዕማም ንሰራሕተኛታት ጽሬት ጥራይ ዝገድፍ ስለዘይኮነ፡ ኩሉ ኣካል መንግስትን ሕብረተ-ሰብን እጃሙ ክበርክት ኣተሓሳሰበ።




ሓላፊ ኣሃዱ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ በረኸት ታደሰ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና ዓቕምን ፍልጠትን ሰራሕተኛታት ጽሬት ኣብ ምሕደራ ጐሓፍ ክብ ኣቢሉ፡ ብጥበእ ዝኣከበሉን ዝውገዱሉን ኣገባብ ብምፍጣር፡ ጽሩይን ጽፉፍን ከቢ ብምውሓስ ጥዕና ሕብረተሰብ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢሩ።

ወከልቲ ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ እቲ ስልጠና - ነቲ ብዘመኩሮ ጥራይ ክሰርሕሉ ዝጸንሑ ኣተኣላልያ ጐሓፍ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ከምዝፈጽሞ ብምጥቃስ፡ እናተሓደሰን እናሰፍሐን ክውደብ ተላብዩ።

ጽሬት፡ ምስ ሂወትን ጥዕናን ሕብረተሰብ ስለዝተኣሳሰር ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ከምዝኾነ ዝገለጸ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ገብረሂወት ወልደገርግሽ ድማ፡ ሰልጠንቲ ብንቕሓት ክዋስኡ ኣዘኻኺሩ።

## ባጽዕ - ኣብ ዳህሳስን ስነ-ዳን ጥንታዊ ህንጻታት ዘተ ተኻዪዱ

ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ምስ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምውህሃድ፡ ኣብ ዳህሳስን ስነ-ዳን ጥንታዊ ህንጻታት ከተማ ባጽዕ ዘተኮረ፡ ብምልውዋጥ ተመኩሮን ግብራዊ ትምህርትን ዝተሰነየ ዓውደ-ዘተ፡ ካብ 20 ሕዳር ክሳብ 3 ታሕሳስ ወዲቡ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ እትርከቦም ሰብመዚ ኣብ ዝተኻፈልዎ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ድሕረ-ባይታን ኣምርን ጥበብ ስነ-ህንጻ ደቂ-ሰብ፡ ምሕደራ ባህላዊ ውርሻ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኩነታት ምንቕጥቃጥ መሬት ኣብ ዞባታት ሰሜናውን ደብባውን ቀይሕ ባሕርን ተዛማዲ ዛዕባታትን ዘተኮረ 9 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቡ።

ካብ ኣመራጻ ዝመጸ ‘ኣርክቴክት’ ተስፋይ በራኺ፡ ንዳህሳሳዊ መጽናዕትን ሰነዳ ዕቃበን ከተማ ባጽዕ ኣመልኪቱ ንኤርና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ብምዕቡል ተክኖሎጂን ዝተፈላለዩ ክኢላታትን ዝተሰነየ ግብራዊ ስራሕ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓውደ-ዘተ ከምዝኸውን ብምጥቃስ፡ ነቲ ህንጻታት ንምስናድን ብዕምቈት ንምፍላጥን ሓጊዙ ምንባሩ ኣረዲኡ።

ካብ ቤት-ጽሕፈት ውርሻ ኣስመራ መሃንድስ በረሀ ተኽለኣብ ድማ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ መጽናዕታዊ ስራሓት፡ ካብ 1938 ኣትሒዙ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ባጽዕ ተዓቂቡ ንዘጸንሐ ሃብታም ሰነዳት ክድህስስዎን ክጥቀሙሉን ብምኽኣሎም፡ ዓቢ ድርኺት ከምዝፈጠረ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ኣሃዱ ዕቃብ ቅርስታትን ታሪኻዊ ቦታታትን ኣቶ ትዕግስቲ ብኢዱ ድማ፡ ካብ 2015 ኣትሒዙ፡ ብዓይኒ ታሪኻዊ ኣገዳስነቱ፡ ተራእዩ ናይ ዕቃበን ስነ-ዳን ስራሓት ክካየድ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ እዚ ሕጂ ብምዕቡል ቴክኖሎጂ ተሰንዩ ዝሰላሰል ዘሎ መጽናዕትታት፡ ክኽተልዎ ኣብ ዝጸንሑ ኣገባብት ስራሕ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ገሊጹ።

ካብ ቅድሚ 1300 ዓመታት ስብ ክሰፍራ ዝጀመረ ባጽዕ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ኣገዳስነት ዘለዎ ወደብ ኩይና ከምዝጸንሐት ዝገለጸ ካብ ቤት-ማዘክር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መንእሰይ ዮናታን ገዛኢ፡ ምስ ግዜ ኣብ ህንጻታታ ዝተራእየ ምቅይያራት ስለዘሎ፡ ወሃሉል ስርዓተ ሓበሬታ ከምዝህልዎ ምግባር፡ ንምጽጋዕን ንዘወጽአ ውጥን ሓጊዚ ምዃኑ፡ ብዝወሰኸ ኣረዲኡ።

## ዓለምለኻዊ መዓልቲ ፍርያምነት ሓመድ ተዘኪሩ

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ፍርያምነት ሓመድ፡ “ጥዑይ ሓመድ ንጥዑይ ሕብረተሰብ” ብዝብል ቴማ ብደረጃ ሃገር ንኻልኣይ ግዜ ብ5 ታሕሳስ ኣብ ሓልሓለ ተዘኪሩ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ክፍልታት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ወከልቲ ውድብ መግብን ሕርሻን ሕቡራት ሃገራት፡ ወከልቲ መሻርኽቲ ሚኒስትሪታትን ካብ ዞባታት ዝመጹ ክኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻን ዝተረኽብሉ መድረኽ፡ ሓላፊ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኣቶ ጸጋይ ብርሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሓመድና ብኽሊማዊ ለውጢ፡ ምድኻይ መሬት፡ ብኽለትን ንጥፈታት ደቂ-ሰብን ሓደጋ ኣንጸላልዩ ከምዝርከብ ብምጥቃስ፡ ሓመድ ሓንሳብ እንተጠፊኡ ንምትካኡ ዘመናት ስለዝወስድ፡ ኣረኣእያናን ርድኢትናን ክሰፍሕ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ወኪል ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስ ኣርያላ ግለኒ ብወገና፡ ኣብ ኤርትራ ምስ ምስፍሕፋሕ ከተማታት፡ ለውጥታት ኣብ ኣጠቓቕማ መሬትን ክሊማዊ ምቅይያራትን ብዘስዕቦ፡ ኣብ ጸጋታት ሓመድን ማይን እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ጸቕጢ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ህዝባዊ ንቕሓት ብምብራኽ ብዘላቕነት ክሰራሓሉ ኣዘኻኺራ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ተራ ባህርያዊ ድኹዒ (ኮምፖስት) ኣብ ጥዕና ሓመድ፡ ኣገዳስነት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ምድንፋዕ እቶታውነት ዘራእቲ፡ ጽልዋ ሕርሻዊ ቀመማት ኣብ ጥዕና ሓመድ፡ ከምኡ'ውን ጽልዋ ጠቓምነትን ተጻባእትን ታህዋስያን ኣብ ጥዕና ብቑልን ሓመድን ኣብ ዝብሉ ኣርእስታት፡ ብክኢላታት ወረቓቕቲ ቀሪቡን ተዘቲዩሉን።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ዝተላዕለ ዛዕባታት ሓባራዊ ዘተ ክካየድ ከሎ፡ ንዓለምለኻዊ መዓልቲ ፍርያምነት ሓመድ ዝገልጽ ሓጸርቲ ቪድዮታት፡ ካብ ባህርያዊ ሕርሻ ዝፈረየ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግብታት፡ ከምኡ'ውን ንምርምራዊ ስርሓት ኣብ ሓመድን ምድላው ኮምፖስትን ወጽኢቱን ዝምልከት ምርኢት ቀሪቡ።



# ማእከል - ስልጠና ሙዚቃ፡ ትልሂትን ድራማን ተዋሂቡ





ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ከም ወከልቲ ንጥፈታት ባህሊ ንዘሰርሑ መምህራን፡ ኣብ መዚቃ፡ ትልሂትን ድራማን ዘተኮረ ስልጠና ወሃበ።

እቲ ካብ 1 ክሳብ 4 ታሕሳስ ንኣስታት 300 መምህራን፡ ሱፐርቫይዘራትን ሓለፍቲ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባታትን ዝተዋህበ ስልጠና፡ መሰረታዊ ኣምር መዚቃን ኣጠቃቕማ ባህላውን ዘመናውን መሳርሒታት መዚቃን፡ ትልሂት ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣጻሓሕፋን ኣወሳስኣን ናይ መድረኽ ድራማ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ኣሃዱ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር እስቲፋኖስ ጉብረሃዋርያት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንተመሃሮ ኹሉ-ኹሉ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ዘውሕዝም ተወሳኺ ንጥፈታት ባህሊ፡ ኣብ ምስራጽ ባህልን ክብሪታትን ከምኡ'ውን ምኹስኮጋስ ሃገራውነት ልዑል ግደ ስለዘለዎ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር በላይ ሃብተጋብር ብወገኑ፡ ስልጠንቲ ንዘቕሰሞዎ መፀኢታዊ ፍልጠት ብጾዕሮም ከዕምቅዎ ድሕሪ ምልባው፡ ሕጽረታት መሳርሒታት ባህሊ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ከለዎ ቀዳምነቱ ንምፍታሕ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ-ትምህርቲ፡ ንኣስታት 300 መምህራን ተመሳሳሊ ስልጠና ተዋሂቡ ምንባሩ ይዝከር።

# ደቡብ - ተጠቃምነት ምሩጽ ኣዝርእቲ እናዓበየ ይመጽእ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ተጠቃምነት ምሩጻት ኣዝርእቲ እናዓበየ ምምጻኡ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላታት'ቲ ዓውዲ ሓቢሮም።

ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ክፍለማርያም ዓንደብርሃን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ካብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ዝርከቡ ምሩጻት ኣዝርእቲ፡ ንከባቢ ብዝምችእ ዝተለማመዱ፡ ከምኡ'ውን ባልዓትን ሕማማትን ተጻዊሮም ብርኩት እቶት ዝህቡ ምኻኖም ገሊጹ።

ልምዓዊ ንጥፈታት ሕርሻ ናብ ዘመናዊ ንምቕያር፡ ምሩጻት ኣዝርእቲ ብምትእትታውን ካልእ መደባት ብምትግባርን ይሰርሓሉ ከምዘሎ ጠቒሱ ድማ፡ ምሩጻት ኣዝርእቲ ምስቶም መባቆላውያን ብምንጽጻር ተዓጻጺፉ እቶት ከምዝህቡ ኣፍሊጡ።

ከም ኣበነት፡ ስርናይ ካብ ሄክታር 8 ኩንታል እቶት ዝርከብ ዝነበረ፡ ምሩጻት ኣዝርእቲ ብምጥቃም ካብ 30 ክሳብ 60 ኩንታል ክሕፈስ ከምዝከኣል ኣዘኪሩ።

ሓረስቶት ዝሾሙ ዝርኢ ዝጥቀሙሉ እኽሊ ንብዮቱን ብዘዮሮኣን ከዕቅቡ ዝተላበወ ኣቶ ክፍለማርያም፡ ኣብ'ዚ እዋን ዝሰርሓሉ ዘሎ ዝተዋቐለ ዕፉን ንሓደ ግዜ ጥራይ ብርኩት ምህርቲ ዝሁብ፡ ምስ ዝድገም ድማ እቶታውነቱ ዝጎድል ከምዝሾኑ፡ ሓረስቶት ብዘዮሮኣ ክርድኡ ኣዘኻኺሩ።

ኣቦ'ቲ ጨንፈር ክኢላ ልምዓት ዘራእቲ ኣቶ ብርሃ ፍረዝጊ ብወገኑ፡ ካብ 2017 ኣትሒዙ ብሰሩዕ ኣብ ዞባ ደቡብ ዝፈርዩ፡ ከምኡ'ውን ብሓረስቶት ተባዚሖም ናብ ሓረስቶት ዝዝርግሑ ከምዝለዉ ብምጥቃስ፡ ምሩጻት ኣዝርእቲ መሽላ፡ ዕፉን፡ ሰገምን ስርናይን ብሓረስቶት ልዑል ተቐባልነት ከምዝረኸቡ ሓቢሩ።

ዝሾሙ ዘርኢ ዝተፈላለየ መስርሓት ሓሊፉ ናብ ደረጃ ምሩጽ ዘርኢ ከምዝሓልፍ ብምንጻር፡ ሓረስቶት ዚ ብምርዳእን ዝሆ ብርኩት ምህርቲ ኣብ ግምት ብምእታውን ብዕቱብ ክሰርሕሉ፡ ከምኡ'ውን ክኢላታት ንዝህብዎም መምርሒታት ክኽተሉ ተላብዩ።

# ተሰነይ - ኣስታት 74 ሽሕ ጥሪት ተኸቲበን



ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ሕማማት ብምክልኻል ጥዕና ጥሪት ንምውሓስ፡ ምስ ኣሃዱ ሃብቲ እንስሳ ብምውህሃድ ንኣስታት 74 ሽሕ ጥሪት ክታበት ሂቡ።

ሓላፊ ኣሃዱ ሃብቲ እንስሳ ኣቶ ኤልያስ ምናስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ንክልተ ሰሙን ዝቐጸለ ወፍሪ ክታበት፡ ጥሪት ኣብ ዝርከባሉ ቦታ መጓሰን ደምበታትን ከምእተዋህበ ብምግላጽ፡ 69,700 ጤለ-ብጊዕ ጸረ-ጉልሓይ መሰል፡ 2,800 ኩቡት ጸረ-ፍሮማይ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 400 ኣኽላባት ጸረ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ከምእተኸትቡ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣስታት 13 ሽሕ ጥሪት ዝተፈላለየ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ከምዝረኸባ ዝሓበረ ኣቶ ኤልያስ፡ ንምትሕብባር ጓሶትን ወሃንቲ ጥሪትን መጒሱ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ብጠቕላላ 350 ሽሕ ጥሪት ከምዘለዋ ብምጥቃስ ድማ፡ እኹል መግብን ማይን ብቐረባ ስለዝረኸባ፡ ጽቡቕ ደስስ ከምዘለዋ ሓቢሩ።

ሓኪም እንስሳ ኣቶ ጊላሚካኤል ዑቕባሚካኤል ብወገኑ፡ ጥሪት ጥዕናኣን ተሓልዩ ጽቡቕ ምህርቲ ንኽህባን ንኽስስናን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ እኹል መድሃኒት ብምቕራብ ነጻ ኣገልግሎት ከምዝህብ ጠቒሱ፡ ወሃንቲ ኣኽላባት ብግቡእ ከኽትብዎምን ኣብ ገዛ እኹል ምክትታል ክገብሩሎምን ጸዊዑ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ሓላፊ ኣሃዱ ሃብቲ እንስሳ ኣቶ ኤልያስ ምናስ ኣብ መውዓእታ፡ ብሰንኪ ሽለልትነት ኣብ መጋሃጫታት ተደጋጋሚ ባርዕ የጋጥም ከምዘሎ፡ እዚ ድማ ኣብ ጥሪትን ኣከባብን ኣሉታዊ ሳዕቤን ስለዘለዎ፡ ጓሶትን ወሃንቲ ጥሪትን ኣብ በረኻታት ዝተጠቐሙሉ ሓዊ ብግቡእ ከጥፍኡ ኣተሓሳሲቡ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳጶ. 1284


# ኣብ ኮ/ሆስፒታል ጎዳይፍ፡ ሓድሽ ክፍሊ መወልዳን ተዋዲዱ

ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ ዝተዋደደ ሓድሽ ክፍሊ መወልዳን፡ ዘድሊ መሳርሒታት ተማሊኡሉ ንኣገልግሎት ድሉው ኮይኑ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ምምሕዳር'ቲ ሆስፒታል ኣቶ ተስፋልደት ጉብረኣምላኽ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣገልግሎት ክህብ ዝጸንሐ ኣርባዕተ ክፍልታት ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ምሉእ ጽገና ከምእተገበረሉ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኻፍሲ-ወከፍ ክፍሊ ሓድሽ ዓይኒ-ምድሪ ከምእተሃንጸ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ክፍሊ መወልዳን ነርስ ጉብረሂወት ኣርኣያ ብወገኑ፡ ኣቐዲሞም ኣገልግሎታት ክትትል ቅድመ-ሕርሲ፡ ከምኡ'ውን መርመራ ማህጸንን ካንሰርን ይህቡ ከምዝነበሩ፡ ምስ ምውዳድ ናይ'ዚ ሓድሽ ክፍልታት ድማ ኣገልግሎት ሕርሲ ንምሃብ ምድላዋቶም ኣጻፊፎም ከምዘለዉ ገሊጹ።

ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ፡ ንዞባ ንኡስ ዞባታት ጎዳይፍ፡ ገጀረት፡ ሰምበልን ጋሕተላይን ኣገልግሎት ይህብ።

## መደብ ቴለቪዥን

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ፈዮሪና |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ሚኒኣገር |
| 11:00 | ደክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 11:40 | ቀስተ ደሕሱት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 17:00 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:15 | መደብ ዋልታ |
| 18:50 | ሀርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

**ሰኑይ**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ኣገሪራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ደኳመኑት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ፍኖተ ህይወት |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዘነዒ

መርሃዊ-ገብረሚካኤል

## ኣበየናይ ቦታ ኢኻ ኣገዳሲ

ኣብ ዓለም ንኸነሱ ዝፍጠር ሰብ የለን። ሰብ ብምኳኑ ጥራይ ክቡር ፍጡር ምኳኑ እኹል እዩ። ሃንፍሲ ወከፍ ሰብ ድማ ኣብ ታሪኽ እዛ ዓለም ኣብ ዝተፈልየ ዓውዲ ኣገዳሲ ምዕራፍ ወይ ቦታ ኣለዎ። እዚ ይኹን እምበር፡ እቲ ቐንዲ ኣዝራብን ኣካታዪን ነገር ግን ኣበየናይ ቦታን ኩነታትን ኢኻ ኣገዳሲ ምፍላጥ ልቦና ምኳኑ ዘይምርሳዕ።

ሓንቲ ዓባይ መርከብ ኣብ ማእከል ባሕሪ እናተጓዕዘት እንከላ ኣብ ጥቓ ሓንቲ ደሴት ምስ በጽሐት ሃንደበት ተበላሸወት። በዚ ምኽንያት ድማ ናብ ዝኾነ ኣንፈት ክትንቀሳቐስ ኣይኸኣለትን ሰኣነት። ኣብታ መርከብ ዝነበሩ ብዙሓት ክኢላታት ከዐርዩዋ'ኳ እንተ ፈተኑ፡ ጸገማ ኣበየናይ ምኳኑ ብንጹር ክለልይዎን ከዐርይዋን ኣይከኣሉን። ካፒተን ናይታ መርከብ ብዘገበሮ ሓያል ጻዕሪ ግን፡ እታ መርከብ ናብታ ደሴት ከም ትጽጋዕ ብምግባር፡ ተሳፈርቲ ኣብታ ደሴት ከም ዝጸንሑ ተገብረ። ተሳፈርቲን መራሕቲን ናይ'ታ መርከብ ኣብታ ደሴት ክልተ መዓልቲ ምስ ገበሩ ግን ዓቕሎም ከጸብቦን ከጨንቆን ተሰምዖ። በዚ መሰረት ናብ ሓደ ኣብ ርሑቕ ከተማ ዝነብር ክኢላ መካኒክ ብምድዋል ብቕልጡፍ ከም ዝመጽእ ገበሩ።



እቲ መካኒክ ነታ መርከብ ብዙርያ ድሕሪ ምርኣይ ዝተበላሸወ ቦታ ክረኽቦ ኣየጸገሞን። ሓንቲ ምሳር ካቕቢልዎ ጥራይ ብምሕታት ድማ ኣብ ውሱን ቦታ ሓሙሽተ ግዜ ብምህራም ከም ትዕረ ገበራ። ብድሕሪዚ እታ መርከብን ተሳፈርትን ናብቲ ዝደለይዎ ቦታ በጽሑ። ኣብ ዝቐጸለ መዓልታት እቲ ክኢላ መካኒክ ናይ 10 ሽሕ ቸክ ወረቐት ብምጽሓፍ ንዋናታት ናይ'ታ መርከብ ክኸፍልዎ ከም ዘለዎም ዝሖገር መልእኽቲ ሰደደሎም።

እዚ ዝተዓዘቡ ዋናታት ናይታ መርከብ፡ እቲ ክኢላ መካኒክ ዘቕረቦ መጠን ገንዘብ ከንጸርጽሩ ተሰምዖ። ብኣካል ረኺቦም ድማ ብዝዕባ'ቲ ዝገበሮ ኣብርኪቶ እናማሰሉ፡ "ንዛ መርከብ ብልክዕ ኣዐሪኻያ ኢኻ። እንተ ኾነ ንዛ ኣብ ሓንቲ ፍልይቲ ቦታ ዝሃረምካያ ቦታ ክንድ'ዚ መጠን ገንዘብ ክትሓተና ግቡእ ኣይኮነን"። ንምኳኑ እንታይ ፍሉይ ዝገበርካዮ ነገር ስለ ዘሎ ኢኻ ክንደዚ ሓቲትካ?" ክብሉ'ውን ተወከሱዎ። ንሱ ድማ፡ "ክልተ ዶላር ናይቲ ዝሰራሕክዎ፡ እቲ 9998 ዶላር ድማ ናይቲ ኣበየናይ ቦታ ከም ዝተበላሸወትን ከም ዝሃረምን ዝፈለጥክዎ" ክብል መለሰሎም ይበሃል። በዚ መሰረት ድማ እቲ ዝተሓተቶ ዋጋ ክኸፍሉ ተገደዱ።

## መርዓ ትሕቲ ዕድመን ኣሉታዊ ሳዕቤናቱን

መርዓ ትሕቲ ዕድመ ኣብ ብዙሕ ሕብረተሰብ ይኻየድ እዩ። መርዓ ትሕቲ ዕድመ ክንብል ከለና፡ ንኣብነት ህቡቢቲ እንግሊዛዊ ደራሲት ሞደልሰት ማንዲ ሰሚዝ ጓል 13 እንከላ እያ ተመርዕያ። ዋላ'ኳ ሳዕቤኑ ዝያዳ ንደቂ ኣንስትዮ ዝዕሲ እንተኾነ፡ ዳርጋ ኩሉ ቅድሚ 18 ዓመት ዝግበር መርዓ ንኽልቲኦም ጾታታት ዝምልከት ሃሲያ ክምዝለዎን እቲ ሓዳር ናይ ምቕጻል ተኽእሎኡ ዝውሕደን ምኳኑ'የም ሞያውያን ዝገልጹ።

ሓንቲ ጓልኣንስተይቲ ቅድሚ 18 ዓመት ክትምርዖ ኣይግባእን። ምኽንያቱ፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ ማእከላይን መውዳእታን ደረጃታት ግርዘውና ኣብ ሞንጎ 14ን 18ን ዓመት ብኣካልን ብኣእምሮን እኹላት ኣይኮናን። ኣብዚ ዕድመ'ዚ፡ ኣዝዩ ቅልጡፍ ዕቤትን ምዕባለን ስለ ዘርእያ፡ ቅድሚ ኣይታት ምኳነ፡ ኣይታት ንምኳን ዘብቅዐን ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዕብየት ክሳብ ዘኻዕብቱ ግዜ ክወሃበን የድሊ። ድሕሪ 17 ዓመት ዝርአ ናይ መውዳእታ ደረጃ ግርዘውና ምስ ሓለፈት እያ ንመርዓን ወላድን ድልውቲ ክትከውን ትኽእል።




**ሳዕቤናት መርዓ ትሕቲ ዕድመ ኣብ ደቀንስትዮ**

- ጸገማት ሕርሲ የጋጥም። ሓንቲ ትሕቲ ዕድመ ጓለንስተይቲ፡ ኣካላታ ብግቡእ ስለዘይዓበን ዘይዳለ'ን ኣብ ግዜ ሕርሲ ብዙሕ ጸገማት ኪጋጥም ይኽእል። ኣብ እዋን ሕርሲ ካብ ዘጋጥሙ ጸገማት ሓደ ብሰንኪ ብግቡእ ዘይዓበየ ጎሎ ዘጋጥም ጸበት ኩይኑ፡ ዕሸል ኑቲ መሰርሕ ሓልዩ ብጸቡቕ ናብ መትረብ ክወርድ ስለ ዘይክእል ኪይወረደ ንብዙሕ ሰዓታት ወይ መዓልታት ይጸንሕ። ከም ሳዕቤኑ፡ ሕርሲ ብገብር ክውዳእ ኣይክእልን። ኣብ ዕሸልን ኣደን ክሳብ ናብ ሞት ዘብጽሕ ሓደጋ ክወርድ ይኽእል።
- ናይ መፍረ ኣካላታ ብግቡእ ስለ ዘይዓበየን ዘይተዳለወን ኣብ ግዜ ጾታዊ ርክብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ማህሰይቲ ክወርድ ይኽእል። ከም ፊስቱላን ካልእን ሕማማት እውን ክስዕብ ይኽእል።
- ጎሎኣ ኣብቲ ዝድለ ምዕባለን ዕብየትን ስለዘይበጽሐ ኑቲ ዘጋጥም ጥንሲ ክጻወሮ ኣይክእልን።
- ብሰንኪ ጥንስን ሕርስን ኪጋጥማ ናይ ዝኽእል ሳዕቤናት ጉዳይ ትኾነ።
- ጎሎኣ ብግቡእ ስለ ዘይዓበዩ፡ ኣብ ግዜ ሕርሲ ዕሸል ንታሕቲ ገጹ ክሓልፍ ኣይክእልን - ዕገት ሕርሲ ድማ ኪጋጥማ ይኽእል። ዕገት ሕርሲ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ጠንቂ ሞት ኣደታት እዩ።
- ኣብ ግዜ ጥንሲ ንዘጋጥማ ባህርያዊ ለውጥታት ክትጻወሮ ዓቕሚ የብላን።
- ኣብ ሓዳር እውን ግቡእ ሓላፍነት ወሲዳ ንደቃ ክትከናኸበን ዓቕሚን ጥበብን ይውሕዳ።

እዚ ይኹን እምበር፡ ኣብ ብዙሕ ሕብረተሰባት መርዓ ትሕቲ ዕድመ ደረአ እዩ። ብፍላይ ኣብተን ዘይማዕበላ ሃገራት ብዕብዚሒ ክረአ እንከሎ፡ ኣብተን ምዕቡላትን ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝጣበቓ ዝገልጻ ሃገራት'ውን ከይተረፈ፡ እዚ ተርእዮ'ዚ ብዕብዚሒ ከም ዘሎ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ የጸርፅ። ኣብ ኣመሪካ ጥራይ ኣብ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ልዕሊ 200 ሽሕ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ከም ዝተራእየ ሰነዳት ናይ'ታ ሃገር የጸንዑ።

## ግዜን ሕነን

ሕነ ወጽኢት ሕማቕ ኣተሓሳስባን ግዝያዊ ስምዒትን እዩ ዝበሉ ወገናት ኣለዉ። ሰባት ኣብ ልዕሊ ሕማቕ ንዘገበርዎም ሰባት ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምትታት ክወስዱ'ውን ደረአዩ እዮም። እንተ ኾነ ወጽኢት ሕነ ምፍዳይ ነገራትን ኩነታትን ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት ንኽምርሑ እምበር ዘፈጥሮ ውሽጣዊ ሰላም ኮነ ንዋታዊ ረብሓ የብሉን።

ሓደ ሰብ ክብደል ወይ ክብድል ኢጋጥሚ ዝፈጠር ኩነት እንተ ዘይከይዱ፡ ኮነ ኢሉ ንክፉኡ ዓይኑት ንጥፈት ዝበጽሖ መቸም ክንደየናይ ከይርከብ። ጉዳስ ካብ ብሱል ጥረ ስለ ዘይሰኣን ምናልባት ክርከበ'ውን ተኽእሎ ኣሎ። ብመሰረት ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ፡ ዝተበደለ ሰብ መርኣያ ሓያልን ብሱልን ኣተሓሳስባኡ ክልተ ነገራት ጥራይ እዩ ዝመሃር፡፡ "ንጸላእቲ'ካ ይቕረ በሎም፡ በደሎም ግን ኣይትረስዕ" ክብሉ ድማ ይሰምዑ። ትርጉም ናይቲ ዘረባ ግን ኣብ ልብኻ ንበደሎም እናኳማሰዕካ ክትነብር'ዩ ዝዕድም። እዚ ብመሰረቱ ቅቡል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንበደሊኻ ይቕረ ኢልካሉ ክንሸኻ ብዛዕባ ዝሓለፈ በደል ምዝካር ንምንታይ የድልየካ? ብኻልእ ኣበሃህላ'ውን ኣብ ዝጥዕመካ ግዜን ኩነታትን ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምቲ ክትወስድ ዝደፋፍእ ብዘል መሰሉ ክርአ ስለ ዝኽእል። ስለዚ ኣብ ህይወት ዘጋጠመ የጋጥም ንግዜ ክንገድፎ ይሓይሽ።

ግዜ ደርሓቕ ይቕረብ ሕነ ናይቲ ዝበደልካዮ ይኹን ዝተበደልካዮ ክዩርኣየካ ኣይተርፍን እዩ። ከመይሲ፡ ሓንቲ ዕፍ ብህይወት እንከላ ንጻጻ ትበልዖ እያ። እታ ዕፍ ምስ ሞተት ድማ ጻጻ ነታ ዕፍ'ዩ ዝበልዓ።

ስለዚ ግዜን ኩነታትን ኣብ ዝኾነ እዋን ክቕየር ይኽእል እዩ። ኣብ ህይወት ንዝኾነ ሰብ ክብሩ ኣይተጉድሎ፡ ኣይትጉድኣዮ፡ ኣይትበድሎ። ሎሚ ሓያል ክትከውን ትኽእል ኢኻ፤ ግዜ ግን ካብኻ ንላዕሊ ሓያል ምኳኑ ኣይትረስዕ።



## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ግድል ሱዶኩ

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | 3 | 7 | 9 | 8 | 6 | 4 | 5 | 2 |
| 9 | 2 | 5 | 3 | 4 | 7 | 1 | 6 | 8 |
| 8 | 6 | 4 | 5 | 2 | 1 | 9 | 7 | 3 |
| 7 | 5 | 3 | 8 | 1 | 4 | 6 | 2 | 9 |
| 6 | 1 | 2 | 7 | 3 | 9 | 8 | 4 | 5 |
| 4 | 8 | 9 | 6 | 5 | 2 | 3 | 1 | 7 |
| 5 | 7 | 1 | 4 | 9 | 3 | 2 | 8 | 6 |
| 2 | 9 | 8 | 1 | 6 | 5 | 7 | 3 | 4 |
| 3 | 4 | 6 | 2 | 7 | 8 | 5 | 9 | 1 |

## ንፍሽኽታ

ሮበርት ሙጋበ ሓደ ካብቶም ብተረኽቢ ዘረባኦም ዓለም ዘዘረበ ክኢላን በሊሕን መራሒ እዩ ነይሩ። ኣብ ሓደ እዋን ብዛዕባ ግዜ ደሞዝን መብርሂ ደቂ ሰብን ኣመልኪቱ ካብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ሓንቲ ፈይ ክብል።

"ሰባት ወርሒ ምሉእ ምስ ሰርሑን ደሞዝ ምስ ተቐበሉን ከም መርኣያ ጻዕርም ደርሆ እዮም ዝበልዑ። ሰሙን ምስ ሓለፈ ድማ ደሞዝ ክጓደላ ስለ ዝጀምረ፡ ናብ ፍርያት ደርሆ ዝኾነ እንቋቑሖ ይወርዱ። ኣብ ሳልሳይ ሰሙን እቲ'ን ዝረኸቡወን ደሞዝ መመሊሰን ስለ ዘንቆልቁላ ድማ ናብ ደርሆ እትምግቦ ጥረ ምረ ክወድቁ ይግደዱ። ኣብ መውዳእታ ራብዐይቲ ሰሙን ድማ ኣብ ኢዶም ዝበራ ገንዘብ ፍጹም ስለ ዘጽንቀቓ ናይ'ታ ትሰዕብ ወርሒ ደሞዝ ክሳብ ተረኽበሎም ከም ደርሆ ዝረኸብዎ ክበልዑ ካብን ናብን ክብሉ ይጅምሩ" ይብል። ዋዛ ሮበትር ሙጋበ ሓቂ ዶ ትብልዎ?




# ዕድላትን ብድሆታትን ጉዕዞ 30 ዓመት ኣህጉራዊ ውዕል መርሓ መኸተ ክሊማዊ ለውጢ

ኢን. ጠዓመ ተኽለኣብ

ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማይን ኣከባብን

ካልኣይ ክፋል

ኣብ 1997 ኣብ ጃፓን ከተማ ክዮቶ ኣብ ዝተኻየደ ጉባኤ (COP3)፡ ቀዳማይ ስጉምቲ ኣብ ምጉዳል ትፋእ በከልቲ ጋዛት ዝተኸረ ፕሮቶኮል ክዮቶ እዩ ጸዲቑ። ፕሮቶኮል ክዮቶ፡ ብኢንዱስትሪ ዝበልጸጋ ሃገራት ትፋእ በከልቲ ጋዛት፡ ካብቲ 1990 ዝነበሮ ደረጃ ብ5 ሚእታዊት ክጕሕፍ ዝተሰማምዓሉ ዝጸንዐ መብጽዓ እዩ። እቶም ብዘዉጺ ክሊማ ዚዕዳ ዝጀለዉ ሰባት እቶም ኣብ ምብኣስ ክሊማዊ ለውጢ ዝውሓደ ኣበርክቶ ዝነበሩ እዮም። ምኽንያቲ ስብኣውነትን ሰላምን ድሕነትን ዓለም፡ እዞም ርህራህ ዘይብሎም ተግባራት ብቐጻሊ ደው ክብሉ፡ ዓበይቲ ሓይልታት፡ ስለ'ቲ ብሰላምን ናጽነትን ናይ ምንባር ማሰል ዝተነፍጎ ዝጠዘሐ ሕብረተሰብ ዓለም ፍትሓዊ ስጉምቲ ክወስዱ ግዴታ ኣለዎም። ጠንቂ ዝለዓለ ትፋእ ጋዝ ሓምላይ ገዛ (GHG) ኣብ ኣየር፡ ካብተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ዝመጽእ ስለዝኾነ፡ ቀዳማይ ናይ ምፍዋስ ስጉምቲ ድማ ብእአን ክጅምር ፍትሓዊ'ዩ ነይሩ።

ኩሉ ዕማማትን ውሳኔታትን ፕሮቶኮል ክዮቶ፡ ኣብ ትሕቲ ድንጋገታት ሓበራዊ መትከል ውዕል መርሓ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ክሊማዊ ለውጢ (UNFCCC) ክትሓዝ ኣድማዒ ክኸውን ስለ ዘይክእል፡ ሕጋዊ ቀይድታትን ዕላማታትን ዘለዎ ፕሮቶኮል ንምዕዋትን ኩጋስ ናይ'ቲ ስምምዕ ንምምዝጋምን ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ንምኽላስን ተወሲኺ መምርሒታት ንምውጻእን፡ ኣኼባ ኣባላት ናይ'ቲ ፕሮቶኮል ምስ ዓመታዊ ጉባኤ ኣባል ሃገራት (COP) ተታሓሒዙ ብቐጻሊ ክካየድ ተወሰነ። ለም ዓመት ናይ መበል 20 ግዜ ኣኼባ ኣባል ሃገራት ፕሮቶኮል ክዮቶ (CMP20) ተኻይዱ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ፕሮቶኮል ክዮቶ ዝተኣተወ መብጽዓ ስለዘይተዓወተ፡ ኣባል ሃገራት ኣብ ዶሓ (COP18) ብኢንዱስትሪ ዝበልጸጋ ሃገራት፡ ካልኣይ መብጽዓ ኣብ ምጉዳል ትፋእ በከልቲ ጋዛት ቃል ኣትየን። ኣብዚ ካልኣይ መኣረምታ (Second Amendment) ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ዝተኣተወ መብጽዓ ካብ 2013 ክሳብ 2020 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ትፋእ በከልቲ ጋዛት ካብ'ቲ 1990 ዝነበሮ ደረጃ፡ ብ18 ሚእታዊት ምጕኻይ ዝብል ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ከምቲ ቀዳማይ ስምምዕ ፕሮቶኮል ክዮቶ፡ እዚ'ውን ክዕወት ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ትፋእ በከልቲ ጋዛት ብ14 ሚእታዊት ክዛይድ'ዩ ተራእዩ። ካብዚ እንመሃሮ ወይ እነስተውዕሎ ነገር እንተሎ፡ እዚ ሃብታማት ሃገራት ዝኽተላኦ ዘለዋ መስመር፡ ካብ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ስምምዕ ዝሓልፍ ከምዝዩነሳ ዘርኢ ሓቂ'ዩ። ሳዕቤኑ ድማ ኣብ መንጎ ሃብታማትን ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራትን ፍልልያት ፈጢሩ፡ "ተግባር'ምበር፡ ሰናይ መብጽዓን ድልየትን ኣየድልየናን፡" ዝብል ድምጺ ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ከምኡ ድማ ኣብ ትሑት ደረጃ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራትን ሃገራት ጉጅለ-77ን ተረር ተቓውሞ ክልዓል ጀሚሩ።

ብሰንኪ ቀጠባዊ ውድድርን ኣብ መንጎ ሃገራት ዘሎ ዘይምትእምማንን እቲ ዝተኣተወ መብጽዓ'ኳ እንተ ዘይተዓወተ፡ ናብ ተሓዳሲ ጸዓት ኣብ ምስግጋር፡ ዝለቐ ልምዓት፡ ምርምርን ምህዞን ኣብ ምስጓምን ግን በሪ ከፊቱ እዩ። ፕሮቶኮል ክዮቶ ብዘይካ'ዚ፡ ብሕጋዊ መንገዲ ቀያዲ ሹቶታት ምንካይ ልቀት ብምቕማጥ፡ ንመትከል (CBDR) ኣብ ግብሪ ኣውዓልዎን ንሃብታማት ሃገራት ሓላፍነት ኣሰኪሙን እዩ። ብተወሳኺ፡ ምስ ኩሉ ሕጸረታቱ ኣብ ኣህጉራዊ ንግዲ ትፋእ ካርቦን፡ ሃገራት ንገለ ክፋል ናይቲ ዝተመደበለን ትፋእ ካርቦን ክሸጣ ከምኡ'ውን፡ ሃብታማትን ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራትን ትፋእ ካርቦን ዘጉድል ፕሮጀክትታት ኣብ ምሕጋዝን ምትግባርን መንገዲ ከፊቱ'ዩ። ድኹምነት ፕሮቶኮል ክዮቶን፡ ህጹጽነት ቅልውላው ክሊማን፡ ንኹሉ ዝሓቁፍ ስምምዕ ክሃልው ሓድሽ ዘተ ከፊቱ። እቲ ዘተ፡ ኣብ ስምምዕ ባሊ (COP13)፡ ንኹሎም ወገናት ዝሰትፍ ናይ ክልተ ዓመት ዘተ መርሓ ጎደና ኣውጺኡ። ኣብዚ እትከታተል ግዝያዊት ጉጅለ ስራሕ ኣጣይሱ።

ብወገን ስምምዕ ኮፐንሃገን (COP15)፡ ሓድሽ ሕጋዊ ቀያዲ ውዕል ክህሉ ትጽቢት ዝተገበረሉ እኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ፖለቲካዊ ድራማ ወግዓዊ ውሳኔታት ኩላልፉ ኣይከኣሉን። ይኹን'ምበር፡ ንኣሸቱ ጉጅለ መራሕቲ ንውዕል ኮፐንሃገን ኣፍርዩ እዩ። ወጽኢቱ ፖለቲካዊ'ምበር፡ ሕጋዊ ስምምዕ ኣይነበረን። እንተኾነ፡ መጠን ምውሳኽ ሙቐት ዓለም፡ ልዕሊ'ቲ ቅድሚ ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ ዝነበረ ደረጃ ናብ 2 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ንምድራት ዝዋለመ ሳይንሳዊ መረዳእታታት ኣቕሪቡን ኣፍልጦ ሂቡን። ማዕከን ገንዘብ ክሊማ ብምግዳሱ፡ ኣብ ዓመት 100 ቢልዮን ዶላር ካብ ሃብታማት ሃገራት ናብ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝጸሕ ኣብ 2020 ደገፍ (ሓገዝ) ክግበር ቃል ተኣትዩ ነይሩ። እንተኾነ፡ ዝተኣተወ መብጽዓ ሓገዝ ኣብቲ ዝተተለመሉ ግዜ ናብ ዝተመደበለን ሃገራት ኣይበጽሐን። ከም ወጽኢቱ ዝጸበዩ ክፋሉ ብልቓሕን ፖለቲካዊ ተልእኾ ብዘለዎ በይናዊ ምትሕግጋዝን ብምኻኑ፡ ኣብ ገለ ወነሐዶት ሃገራት ተወሳኺ ዕዳ ከምዝሰዓበን ጸቕጢ ከምዝፈጠረለን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ክግለጽ ጸኒሑ። ኣህጉራዊ ለውጢ ኩነታት ኣየር ዘስዕቦ ከቢድ ሳዕቤናት ክሊማዊ ነውጺ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምዕቡላት ሃገራት ናብ ኣከባቢ ዝትፋእ ጋዛት ንምንካይ ዘለዎም ሱሩ ምግባራዊ ሓላፍነት ንምሽፋን ዝጥቀማሉ ቀጠባውን ቴክኖሎጂያውን ምኽንያታትን መርትዖታትን ተቐባልነት ከምዘይብሉ፡ እተን ሃገራት ዝኣተዋኦ መብጽዓ ብሀጹጽ ከተግብራ ጥራይ ከምዘለወን ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ዋዕላ ክሊማ ተረር ቑፈታ ክወርደን ጸኒሑን ኣሎ'ን።


ስምምዕ ፓሪስ (COP21) 2015፡ ሃገራት ተሰፋ ዘንበሩሉ ታሪኻውን ትርጉም ዘለዎን ስምምዕ ክሊማ ተባሂሉ ካብ ዝጥቀስ ሓደ እዩ። ዕላማ ናይዚ ዋዕላ፡ ምውሳኽ ማእከላይ ሙቐት ዓለም ካብቲ ቅድሚ ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ ዝነበረ ደረጃ ኣብ ትሕቲ 2 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ክድረት እንተ ተኻኢሉ ድማ መጠን ወሰኽ ሙቐት ናብ 1.5 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ንምድራት፡ ጻዕርታት ምኽያድን ዝብል እዩ። መጠበሲ ናይዚ ዋዕላ ህዝቢ ዓለም ይኹን ህይወታዊ ብዙሕነት ብሰንኪ'ቲ ኣብቲ እዋን በጺሑ ዝነበረ ወሰኽ ሙቐት ዓለም ዘስዕቦ ዝነበረ ጥፍኣትን ዕንወትን ነውጺ ክሊማ ምርኣስ ብምግባር፡ ንወሰኽ ልዕሊ 1.5 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ክጻወር ዘኽእል ዓቕሚ ከምዘይብሉ ብምርዳእ እዩ። ስምምዕ ፓሪስ፡ ልክዕ ከም ፕሮቶኮል ክዮቶ ድሕሪ ምጽዳቑ፡ ዓመታዊ ኣኼባ ኣባል ሃገራት ናይቲ ስምምዕ ምስ ጉባኤ ኣባላት ሃገራት (COP) ኣብ ክሊማዊ ለውጢ ተታሓሒዙ ብቐጻሊ ይካየድ ኣሎ። ለሚ ዓመት ድማ መበል 7ይ ኣኼባ ወከል ኣባላት ሃገራት ኣብ ስምምዕ ፓሪስ (CMA7) ኣብ በለም ብራዚል ተኻይዱ።


ኣባላት ሃገራት ኣብ ስምምዕ ፓሪስ ናይ ገዛእ ርእሰን ሃገራዊ ወጥን ምምካት ክሊማዊ ለውጢ ዝሓዘ ጥሙሕ ሰነድ ኩዳልዋ ቃል ኣትየን። ምጉዳል ትፋእ በከልቲ ጋዛት ዝዋለመ ስምምዕ ፓሪስ ንምዕዋትን፡ መጠን ተጻዋርነት ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ምዕባይ ዘኽእል ኣገባብ ምትእትታውን ዝሓዘ ሰነድ ሃገራዊ ስትራተጂ እዩ። ምድላው NDC ንጹርን ግልጹን ዕላማ ዋላ'ኳ እንተለዎ፡ ኣብ ዋዕላ ክሊማ ዱባይ (COP28)፡ 2023 ዝተኻየደ ዓለማዊ ገምጋም ትግባረ ከም ዘሕብሮ ግን፡ ብኣባላት ሃገራት ተታሒዙ ዘለዉ ስትራተጂ ስምምዕ ፓሪስ ዘዐውቱ ከም ዘይኮኑ ግልጺ ገይሩ እዩ።


ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ገምጋም፡ ሃገራት ንዝለዓለ ጥሙሕ ሓድሽ ሳልሳይ ወለዶ ሃገራዊ ወጥን ምምካት ክሊማዊ ለውጢ (NDC3.0) ኩዳልዋ ኣብ ስምምዕ በጺሐን። ኣብ ምጅማር ዋዕላ ክሊማ በለም (COP30) 113 ሓደሽ ናይ ሳልሳይ ወለዶ ሃገራዊ ወጥን ምምካት ክሊማዊ ለውጢ (NDC3.0) ከም ዘመልከቶ ድማ፡ ዋላ'ኳ ገለ ምዕባለታት እንተተራእየ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ክሳብ 2030 ዝተኣትወ መብጽዓታት ምንካይ ትፋእ በከልቲ ጋዛት፡ ነቲ ኣብ ስምምዕ ፓሪስ ዝተቐመጠ ሽቶታት ምንካይ ሙቐት ንምምላእ እኹል ከምዘይኮነ ይሕብር።


እንተኾነ ሓደጋታት ክሊማዊ ነውጺ ብሰንኪ ወሰኽ ዓለማዊ ሙቐት እናበኣሰ ይኸይድ ምህላዉ መጸናዕትታት የረድኡ። ኣብዚ ሃገራት ዕቱብን ዘዋዳዶምን ስጉምቲ እንተ ዘይወሰዳ፡ እቲ ኪጋጥም ዝኽእል ጥፍኣትን ዕንወትን ካብ ዝሓፈሰ ናብ ዝበኣሰ ተሰጋጊሩ ሳዕቤኑ ከቢድ ከምዝኸውን እቶም መጽናዕትታት ወሲኾም የጠንቅቑ። ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ነቲ ግዜኡ ዝሓለፈን ዘይሰሉጥን ብረሰኒ ዝሰርሕ ጸዓት ዝትክኡ መሳለጥያታት ምትካልን ምዕባይ ተሓዳሲ ጸዓትን ከምኡ'ውን ነዚ ሓደሽ ስርዓታት ጸዓት ናብ ኩሉ ከምዝበጽሕ ንምግባር፡ ካብዚ ዝበዝሰ ዓቢ ወፍሪ ክግበር መጸዋዕታ ክቐርብ ጸኒሑን ኣሎ'ን። ብዘይካ'ዚ በቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበኣሰ ዝኸይድ ዘሎ ዓለማዊ ቅልውላው ክሊማ፡ ምኽንያቲ ድሕነት ብቢልዮናት ዝቘጸሩ ህዝቢ ዓለም፡ ናብ ቅልጡፍ ምቁራጽ ክብጻሕ መሰረታዊ መዋጽኦ ክግበረሉ ለበዋታት ክወሃብ ጸኒሑ'ዩ።

ይቕጽል...





# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት

### ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ካብ ዓረርብ ክሳብ ካርቱም



እው ሰውራዊ ባህሊ ኣብ ዘመነ ሓርነታዊ ገድሊ፡ እቲ ኻልእ ገጽ ናይቲ ቃልሲ ነይሩ። ንኣብነት ሓደ ኣቦ ኣብ ብዓል ቀረጦ፡ "ካብ እዚም ክፍሊ ህዝቢ ንኽንደይ ዓመት ብሎቲካ ክምህሩና ዓንገርር ዝበልዋስ እዚ ትማሊ ለይቲ ዝረኣናዮ ምርኢት ክንደይ ምሂሩና" ዝበልዎ ምርኢት ባህሊ እናኣዘናግዐ ናብ ሓንጎል ዝሰርጽ መልእኽቲ ዘሕልፍ ሓያል መሳርሒ ንናጽነት ነይሩ። ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቦብ ካብ ተሰከይ ሳዋ ኣተወት። ኣብ ሳዋ ቁሩብ ልምምድ ድሕሪ ምግባር ከም እንደገና ናብ ሳሕል ኾቕለት። ናይ ድሕሪ ማስመር ዑደታ ዛዚማ ኣብ መወዳእታ 1984 ናብ ሳሕል ተመሊሳ። ብኡንብኡ ኣብ ሱዳን ንዝርከቡ ኤርትራውያን ምርኢት ክተቕርብ መደብ ተዋህቡ።

ቀያሕቲ ዕንቦብ ካብ ዓረርብ ኾቒሉም ሱዳን ኣተወ። ዘርም'ዩ ክልተ ገጽ ናይቲ ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላእን ወሽጢ መሬት ሱዳንን ዝተገበረ ዑደት። እቲ ኣብ ወሽጢ ማስመር ጸላኢ ዝበረ ምስ ጸላኢ እናተቖራቚስካን ነፍሰኻ ኣብ ሓደጋ ኣእቲኻ ነዊሕ ጉዕዞ ብእግርን መጻዓኛን ካብ ነፈርትን ዓይኒ ሓሳዩት ንምድሓን ድማ ጉዕዞ ብለይቲ ዝበረሉ እዋን ሓሊፉ፡ እታ ጉጅለ ባህሊ ናብ መሬት ሱዳን ምስ ኣተወት፡ ኣብቲ ምቹእ ኩፍ መባሊ ዘለዎ መካይን ተሰቒሉ ኩርጠን ሩጣን ከይበሉት ኣብቲ ሰጣሕ ለጥ ዝበለ ኣማኢት ከለሚቲተራራት ዝዘርጋሕ ሰጣሕ ጎላጉል ሱዳን ነቲ ካትራመ ዝተሰበጠ ጽርግያታት እናኣማረጸት ኣብ ወሽጢ ሱዳን ዝነብር ሰደተኛ ኤርትራዊ ምርኢት ከተቕርብ ዝበሩ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ኤርትራውያን ንምምጻእ እታ ጉጅለ ባህሊ ብሃንቀውታ ይጽበይዎ ነይሮም። ምርኢቶም ብዓዲ ጸጸር ጀሚሮም፡ ኣብ ዓዲ ሃገራይ፡ ዓዲ ተኸሊይ፡ ሸራሮ፡ ዓዲ ኑበሪ ብኢደን ካልእን ኣብ ዘቕረብዎ ሽዱሽተ ምርኢታት ልዕሊ 25 ሽሕ ህዝቢ ተዓዚቡዎም። እዚ ባህላዊ ምርኢታት'ዚ ተዓዚቡ ናብ ሰውራ ዝተጸንበረ መንእሰይ ውሑድ ኣይኮነን። ዜማታት ቀያሕቲ ዕንቦብ ድማ ንብዙሓት መንእሰያት፡ ናጽነት ንምምጻእ ኣጋዲሉ'ዩ።"

ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቦብ ብሓፈሻ እቲ ካብ ወርሒ ጥቅምቲ 1983 ክሳብ መወዳእታ 1984 ጥራይ ኣብ ድሕሪ ማስመር ምስ ተጻብኦታት ጸላኢ እናተቖራቘሰት ናብ ህዝቢ ዘቕረብቶ ልዕሊ 65 ምርኢታት ቀሊል ኣይነበረን። ቀያሕቲ ዕንቦብ ምርኢቶም ኣብ ህዝቢ ከቕርቡ ካብ ዝጀምሩ፡ ኣብ ጎቦታት ደምባላስ እትርከብ ደምባ ክሳድ ክሳብ ርሑቕ መሬት ደንካልያ፡ ባዳን ኢንገልን ንተቐማጦ ደሴታት ሓሪና ኣብ ገልዓሎ፡ ባና ኣስመራ

ቀያሕቲ ዕንቦብ ንድሕሪት ምስ ተገዓዘ፡ ዝተኣጎደ ሓዊ ርእዩ። ኣብ ከቢድ ወጥሪ ኣትዩም ከለዉ ድማ ናብታ ሓዊ ከዱ። ሓደ ብሽብቲ ዝተኸበበ ጓሳ ድማ ረኸቡ። እቲ ጓሳ ካብኦም ፈሪሑ። ንሱዩም እውን ካብኡ ፈሪሖም። እቲ ከባቢ ዘፍርሀ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ ስለ ዝኾነ። እንተኾነ እቲ ብዓል ከብቲን እዮም ቀያሕቲ ዕንቦብን ኣብ ጥርጣረ ኣትዮም ከለዉ፡ መንገዲ መሪሑም ዞማች ቀያሕቲ ዕንቦብን ልክዕ መንገዲ ከም ዘትሓዙም ምስ ኣረጋገጹ፡ ነቲ ጉርር ኣመት ጥራቱ ምእንቲ ክዝብር ክምለስ ፈቒዱሉ።

ድሕሪ'ዚ ኣብቲ ዘይውዱእ ምዕራባዊ ጎላጉል ጅጋሕ ክብሉ መሪት ወጊሑ። ጸሓይ ኣብ ልዕሊኦም ተሰቒላ። ብርቱዕ ሙቐት ኣቃጺሉዎም። ማይ ክጽምኡ ጀመሩ። የጉዳስ ማይ ኣይነበሮምን። ማይ ንምድላይ ኣብቲ ከባቢ ጠጠውማጠው ክብሉ ኣይደለዩን። ጸላኢ ሓበሬታ እንተ ረኺቡ፡ ገና ብቐሊሉ ክስዕቦም ኣብ ዝኽእለሉ ቦታ እዮም ነይሮም። ብኸምዚ ድማ ኣብ መንጎ ጸላኢን ባህርን ተቖርቂሮም'ዮም ንቕድሚት ዝምርሹ ዝነበሩ። መንገዲ ነዊሑዎም። ብመንጽሩ ጸሓይ መታሕት'ውን ንሕሰያ ኣይገበረትሎምን። ካብ መጠን ንላዕሊ ኣቃጺሉቶም። መንገዲ ክውድኡዎ ኣይከኣሉን - ነዊሕዎም። ነዊሕ ምስ ተገዓዙ ጸምኢ ማይ ኣሰኒፍዎም። ገለ ካብኦም ቁልዑ ብጽምኢ ማይ ተሰኒፎም ክወድቁ ጀመሩ።

ዞማች ዓቕሉ ምስ ጸበቦ ገለ ካብኦም ደሓን ዝበሩ ቁልዑ ማይ ክናደዩ ለኣኾ። እዮም ማይ ክደልዩ ዝተለኣኹ ሰለስተ ፊተውራሪ ንዕሎም ኣይከኣሉን። ኣብ መንገዲ ወደቑ። እዮም ቀያሕቲ ዕንቦብ ዓቕሎም ምስ ጸበቦም፡ ገሊኦም ዘይቲ ገሊኦም ድማ ኢንፍዩዥን ክሰትዩ ተራእዩ። ኣብ ከምዚ ከለዉ ድማ'ዮም፡ ሃይለ መብራህቱ ዝተባህለ ተጋዳላይ ነቲ ከኣታት ምስ ሰምዐ ክልተ ጀሪካን ማይ ኣብ ኣድጊ ጽዒኑ ዝረድኦም።

ድሕሪ'ዚ፡ ቀያሕቲ ዕንቦብ ቁሩብ ኣዕሪፎም ጉዕዞኦም ቀጺሉ። እንደገና ብእግሪ ነዊሕ ተገዓዙ። ኣብ መወዳእታ መኪይን ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ከባቢ መሪብ በጽሑ። ድሕሪ ኣስታት ዓመት ዝኸውን ግዜ ድማ ንፈለማ እዋን መኪና ተዋሂቡዎም ብሾላሎ ገይሮም ናብ ተሰነይ ኣምርሑ። እቲ ግዜ ኣብ 1984 እዩ። ተሰነይ ሓራ ወጺኣ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ህ.ግ. ነበረት። ዞማች ካብ በቐሊ ወሪዱ ኣብ መኪና ምስ ተሰቕለ ሩፍታ ተሰመዮ። እቲ ብበቕሊ ዝኸዶ ኣዝዩ ነዊሕ ጉዕዞ ኣድኪሙዎ እዩ። ንበቕሉ ቻው ኢሉ ኣፋነዎ።

ተምጥሳ ኣሰመላሽ ሓደ ካብ ጉጅለ ቀያሕቲ ዕንቦብ'ዩ። ኣቡታ ብኢጋጥሚ ብሩራዊ ኢያቤል ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ 2001 ዝተገብረ በዓል ዝወጸት መጽሔት ፊተውራሪ ካብ ዘሰፈሮ፡ እቲ ኣብ ድሕሪ ማስመር ዝተገብረ ዑደት ናይታ ጉጅለ ባህልን ዘጋጠመ ማሰናኽላትን ገሊጹዎ ኣሎ። ተምጥሳ ይብል "እታ ጉጅለ ባህሊ ኣብ ድሕሪ ማስመር ኣብ ዝበረትሉ እዋን ኣብ መሬት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮኑ ኣብ ወሽጢ መሬት ትግራይ ዝበረ ኤርትራዊ'ውን ምርኢት ኣቕሪብ'ያ። እዚ'ውን ምስቲ ምስ ወያኔ ዝበረ ሓርፋፍ ዝምድና ሓደገኛ ነይሩ። ግን ንህዝበኻ ክትብል ንኹሉ ዘጋጥም ማሰናኽል ጥሒሳ ኣብ ወሽጢ መሬት ትግራይ ኣብ ዓድታት ታሕታይ ኣድያቦ እናደጉሓም ካብ ኣፍንጫ ጸላኢ ኣብ ናይ ሓደት ከለሜቲተራራት ርሕቀት ምርኢት ዘቕረበላ ኣድግና፡ ኣብ ዶብ ሱዳን ክሳብ ዓሊግደርን ታሊታዓሸርን ኣብ ማእከል ሱዳን ክሳብ ካርቱም፡ ፖርትሱዳን መዓስከራት ስደኛታት ሰኪ ፈታሕ ኣርሒማንን ካልእን ተንቀሳቒሳም ናብ ህዝቢ ዘቕረብዎ ምርኢታት እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት ምዃኑ'ዩ።



ሙዚቀኛታት ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ

ከሉ፡ ኣብዚ'ውን ክንደይ መናእሰያት ቡቲ ሰውራዊ ባህሊ ተጸልዮም ናብ ሜዳ ዘይወጽኡ።

እምበርኣር ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቦብ ናይ ሱዳን ዑደታ ዛዚማ ናብ ሜዳ ምስ ተመልሰት፡ ነቲ ሃንቀው ትብሎ ዝበረት ናብ ግንባራት ናይ ምውዛዕ ባህጋ ሰመረላ። ኣብ ደሮ ናይቲ ናይ መወዳእታ ብባሕሪ ኒጋሽ ዝፍለጥ 8ይ ወራር ድማ ኣባላታ ናብ ግንባራት፡ ናብ ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ፡ ናብ ዞሙት ምጥፋእ መሃይምነት ተመደቡ። እታ ንዓመታት ከም ሓንቲ ጥርናፈ ስድራ ዝበረት ጉጅለ ባህሊ ድማ ዓቢ ታሪኽ ሰሪሓ፡ ካልእ ተወሳኺ ታሪኽ ጅግንነትን መስዋእትን ክትሰጥፍ ናብቲ ካልእ ገጽ ናይቲ ገድሊ ተጸንበረት።

እንተኾነ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቦብ ብውድባዊ ኣድላይነት ፋሕፋሕ እንተበሉ፡ ኩሎም ኣብቲ ዝተመደቡሉ ኣሃዱታት ዝሰርሕዎ ቅያን መስዋእትን ዝርሳዕ ኣይኮነን። እዮም ኣብ ግንባራት ዝተመደቡ ኣብ ውግእ ጅጋ፡ እዮም ከም መምህራን ኮይኖም ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ዝተመደቡ'ውን ነዮም ዝምህሩዎም ተመሃሮ፡ እናመሃሩን ከም ተወሳኺ እቲ ንዓመታት ዝላደዩሉ ዜማታት ናብቶም ተመሃሮ እናሰረጹ ጉጅለታታ ባህሊ ኣብያተ ትምህርቲ እናኣማዕበሉን ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘይሃስስ ባህላዊ ቅርሲ ኣመሓላሊፎም።

እዮም ኣብ ማእከላይ ጉጅለ ባህልን ጉጅለታት ባህሊ ክፍላተ ሰራዊትን ዝተመደቡ ድማ ኣብቲ ዝያዳ ሞያኦም ዝኾነ ንጥፈታት ባህሊ ብሙዚቃን ደርፍን ዓቢ ተራ ተጻዊቶም። ክሳብ ናጽነት ድማ ኩሎም ኣብ ዝተመደቡዎ ቦታታት ብትግሃትን ተወፋይነትን ሰሪሖም። ቀያሕቲ ዕንቦብ ኣብ ግንባርን ደጀንን ንሃገራዊ ናጽነት ከይተሓለሉ ሰሪሖ። ከም መርኣያ ናይዚ ድማ ካብቲ ብዕለት 03/09/1984 ዝተሰወአ ፈላሚ ስዉእ ኣባል ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቦብ ጊደምን ኢያሱ፡ ክሳብ ናጽነት ግንቦት 1991 ኣስታት ሓደ ሰሶ ኣባላት ናይታ 33 ዝኣባላታ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቦብ፡ ንናጽነትን ሓርነትን ህዝቦም ክቡርቲ ህይወቶም ኣወፍዮም'ዮም።

**መወከሲ፦ ታሪኽን ፍርያትን እስቲፋኖስ ኣብርሃም(ዞማች)**


**ብሮርማይ ተኽለ(ጓዕዳድ)**

---

## ካብ ቅርስታት ገድሊ


### እቶም ኣብ ሓደ ውግእ ዝተሰውኡ፡ 3 ኣርካናት ቤት ትምህርቲ ሰውራ

ምስ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ እቶም ካብ ደገን ወሽጢ ሃገርን ካብ ደጀንን ግንባርን ዝመጽኡ ኣለይትን መምህራንን ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ኑቶም ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ናብታ ቤት ትምህርቲ ዝውሕዙ ዝነበሩ ተመሃሮ ከም ኣቦታትን ኣደታትን ከም መምህራንን ኣለይትን ኮይኖም'ዮም ንዓመታት ብኸኽብን ሰውራዊ ስነምግባር ከም ዝኸሰኩሱ ዝነብሩ ዝነበሩ።



ስዉእ ተኸስተ ጎይትኦም (ትሪሎ)

እምበኣር ካብዞም ብዙሓት መምህራንን ኣለይትን ንሰለስተ ስማእታት ክንዝክር። ተኸስተ ጎይትኦም (ትሪሎ) ሓደ ካብኦም ብዕድመ ዝደፍኡ ቀደም ኣብ ኣስመራ ተጻወታይ ኩዕሶ እግሪ ዝነበረ፡ ከም ኣላይን መምህር ስፖርትን ኮይኑ ዝተመደበ ፍቱው መስሓቕ ተጻወታይ ኣቦ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነይሩ። ኣብ 9ይ ዙርያ ካድር ናብ ቤት ትምህርቲ ካድር ምስ ከደ ምስቲ ዘጋጠመ ብርቱዕ ኩናት ባጽዕ ከቲቱ ኣብ 1978 ብጅግንነት እናተዋግአ ንሃገሩን ህዝቡን በጃ ዝሓለፈ ጅግና'ዩ።



ስዉእ እስማዒል መሓመድ
(ወዲ መሓመድ)

እስማዒል መሓመድ (ወዲ መሓመድ) ኣብ 1974 ካብ ኣፍዓበት ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ዝተጸንበረን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ ከም ኣላዪ ወይ ኣቦ ናይቶም ብፊተውራሪ ዝፍለጡ ዓበይቲ ተመሃሮ ዝነበረ'ዩ። ወዲ መሓመድ ብኹሎም ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ፍቱውን ምስጉንን ነበረ። ካብ ቀንዲ ባህርያቱ ምስቶም ዝመርሖም ፊተውራሪ ኩዩኑ፡ ምጽዋት ጓይላ፡ ምሶሚያ፡ ቢብ ወዘተ'ዩ። መሲታ ናይቶም ዓበይቲ ፊተውራሪ ስለ ዝነበረ ድማ ኑቶም ፊተውራሪ ብዙሕ ኣይከብዶምን'ዩ። ኣብ 1978 ናብ 9ይ ዙርያ ካድር ምስ ከደ ምስቲ ኣብ ባጽዕ ዝቀደ ዝነበረ ርሱን ኩናት ከቲቱ ኣብ ባጽዕ ተሰዊኡ።



ስውእቲ ራህዋ ገ/ሚካኤል

ራህዋ ገብረሚካኤል፡ ኣብ መፋርቕ ሰብዓታት ዝተሰለፈት፡ ምስ ምቛም ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ ከም ኣላዪት ቈልዑ ኮይና፡ ናይ ኣደን መምህርን ሓላፍነት ተሰኪማ ኑቶም ሕቝፌ ኣደኦም ከይጸገቡ ብስንኪ መግዛእቲ ኣብታ ቤት ትምህርቲ ዝኣተዉ ህጻናት ብርህራህ ትሕብሕብ ዝነበረት እያ። ራህዋ'ውን ምስ ብዓል ትሪሎን ወዲ መሓመድን ናብ 9ይ ዙርያ ካድር ድሕሪ ምስታፍ ኣብ ውግእ ሰምሃር 1978 ኣብ ባጽዕ ብጅግንነት እናተዋግአት ዝተሰወአት ሓርበኛ'ያ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላክ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

**Position: Accountant**
**Department: FITS/Finance**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Assisting Senior accountant and Analysts in daily, weekly and monthly accounting activities as required.

**Essential Function**

- Assisting Senior Accountants and Analysts
- Assist in preparing Reports
- Maintain asset and project register
- Assist in preparing GL account reconciliations

| Qualifications |
|---|
| Degree or Diploma in Accounting / Finance |
| **Knowledge and Experience:** |
| Two Years or more experience in an accounting environment.<br>Knowledge of accounting principles and Accounting Software is desirable. |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>Mathematical Ability & analytical skill<br>Attention to detail & Accounting Principles<br>Problem solving skill & Financial Acumen<br>Understanding of GAAP, IFRS & IAS<br>Compliance to accounting standards | Communication (English and local language)<br>Assertiveness & confidentiality<br>Interpersonal Relations<br>Ability to work towards strict deadlines<br>High level of accuracy<br>Discretion & Integrity |

**General Information and other requirements:**

**Salary:** As per Company salary scale.
**Type of Contract:** Indefinite
**Place of work:** Bisha

**Additional requirements for Nationals:**

**Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
**Present clearance paper from current/last employer.**
**Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
**Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
**Application documents will not be returned to the sender.**
**All applications should be sent through the post office.**

**Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**
**Address: Please mail your applications to.**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276**
**Asmara, Eritrea**
**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**1.Aliens Employment permits Affairs,**
**P. O. Box 7940**
**Asmara, Eritrea.**
**2.Mineral Resources Management**
**P. O. Box 272**
**Asmara, Eritrea**

1. **Position: HME Boilermaker**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To execute all general "Boilermaker / Welding / Fabrication" work/repairs on HME within BMSC safe work policies at acceptable quality.

**Essential functions:**

- HME boilermaker fundamental duties include general inspections and repairing structural issues on various HME such as dump trucks, excavators, loaders etc.
- Responsible for welding, cutting, and shaping metal parts to ensure the machinery operates efficiently and safely.
- Performs regular inspections, preventive maintenance, and emergency repairs to minimize downtime and ensure compliance with safety standards. This role demands a deep understanding of mining equipment, welding techniques, and the ability to work in challenging environments.
- Responsible for selecting the correct grade of metal and welding wires for the correct application.
- Drafting of various reports.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Report Writing & Data control
- Manage the operations teams

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically and medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Formal Trade Certificate for Boilermaker / welding<br>○ Technical School Certificate<br>○ Must be a holder of a drivers license | ○ Minimum 5 years' experience in Heavy Mining Equipment (HME) welding maintenance with heavy metals.<br>○ Experience in Line Boring machines and auto welder will be advantageous.<br>○ Minimum 5 years' experience on open pit mine sites.<br>○ GET Applications and management will be advantageous. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Mining HME Boilermaker & Welding Experienced<br>○ Proficiency in various welding techniques (MIG, TIG, stick welding)<br>○ Competent in heavy metal welding procedures (Preheating etc.)<br>○ Proficiency in various cutting methods (oxy-acetylene, plasma cutting, Air Carbon)<br>○ Line boring experience is compulsory<br>○ Competent in the reading of construction drawings<br>○ Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>○ Problem solving skill<br>○ Attention to detail | ○ Communication (English)<br>○ Integrity<br>○ Prioritizing skills & multi-skilling<br>○ Ability to work towards strict deadlines<br>○ High level of accuracy<br>○ Self-motivation<br>○ Must be a team player<br>○ Must be able to share knowledge and skills with the national workforce. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
**P. O. Box 7940**
**Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
**P. O. Box 272**
**Asmara, Eritrea**

# “ዝቐሰምናዮ ስልጠና ብግብሪ ክንዓይየሉ ኢና” ወኪል ሰልጠንቲ

ዳህላክ ነጋሲ

ስእሊ- የውሃንስ መብራህቱ

ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ፡ ብምሕደራ ንብረት ዘሰልጠናም ኣብ እተፈላለየ ትካላት መንግስቲ ዝዓይዩ ሰራሕተኛታት ብሰሉስ 2 ታሕሳስ ኣመረቐ። እቲ ብመስከብ ኩባንያታት ኣፍረይቲ ተሸኽርኽርቲ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ሱፍልጠታዊ ምሕደራ ንብረትን መቀያየሪ ኣቕሑን ዘተኰረ ነይሩ። እቲ ስልጠና ብኽልሰ-ሓሳባውን ግብራውን ዝተሰነየ ኮይኑ፡ ካብ ሸውዓተ ትካላት መንግስቲ ዝተዋጽኡ ሰልጠንቲ ተሳቲፎሞ።

ጋራጅ ዓንበርበብ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ብ1984 ‘ዓንበርበብ’ ኣብ ዝበሃል ቦታ’ዩ ተመስሪቱ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1992 ዳግም ከም ትካል ወይ ኢንተርፕራዝ ከም ዝቘመ ሰነዳት ናይ’ቲ ትካል ይሕብሩ። ብድሕሪ’ዚ ኣብ 1995 ዘደለ ዓንቀጻት ብምንዓፍ ትካላዊ ዝሽሓ ኣሰራርሓ ብምውጣኡ ደረጃኡ ዝሓለወ ብርክዊ ትካል ንምኳን በቒዑ። በዚ ከኣ ወግዓዊ ስሙ ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ ተባሂሉ ክጽዋዕ ጀሚሩ። ካብዚ ቀጺሉ’ውን ኣብ 1996 ምስ ዓርሞሸሽ ትካል መፍረ መኪና ‘ቶዮታ’ ስምምዕ ብምኽታም፡ ወግዓዊ ወኪል ኣብ ኤርትራ ክኸውን ክኢሉ። ብተወሳኺ፡ ኣብ 1998 ምስ ዓበይቲ ትካላት ኮማትሱን (KOMATSU) ያማሃን (YAMAHA) ስምምዕ ብምፍጻም ወግዓዊ ወኪል ኣብ ሃገርና ክኸውን በቒዑ። እዚ ትካል ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ሓራ መሬት ተመስሪቱ ኣብ መዳይ መጉዓዝያ ድማ ዝለዓለ ኣበርክቶ ነይሩዎ።

ድሕሪ ናጽነት’ውን እንተኾነ፡ ምስ ዓበይቲ ኣህጉራውያን ትካላት ውዕላት ብምኽታም፡ ኣብ መሸጣ መካይንን ሞተር ሳይክልን፡ መሸጣ መቀያየሪ ኣቕሑ፡ ጽገና መካይንን ሞተር ሳይክልን ይሰርሕ ኣሎ። ብዘይካ’ዚ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ ንምብራኽ በብእዋኑ እተፈላለየ ስልጠናታት ብምውዳብ፡ ብፍላይ መንእሰያት ሞያዊ ብቕዓት ንኽጥረዩ ብትግሃት ዝሰርሕ ዘሎ ትካል እዩ። ከምቲ ዝሸኖ ድማ’ዩ ከም መቐጸልታ ብቐጻሊ ዝሰርሖም ስልጠናታት፡ ኣቶም ንኽልተ ሰሙን ብእተፈላለየ ዓውዲ ዘሰልጠኖም ኣብ ነንበይኑ ትካላት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት ንምምራቕ ዝበቕዐ።

ኣቦ ስላሕ ኣብ ጽዑ ሓሊፉ ዝሓለፈ እተዓጽወት ሓገዝ ... (this line does not exist)

ኣብቲ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ሓላፊ ክፍሊ መቀያየሪ ኣቕሑ ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ ኣቶ ሰለሙን ነጋሽ ኣብ ዘስመዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ኑቲ ብኣርእስም ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ ዘውቅለን ኩባንያታት ዝተወደበ ስልጠና ክኸታተሉ ድሕሪ ምጽናሕ ንመመረቕታ ዝበጽሑ ሰልጠንቲ “እንቋዕ ሓጐሰኩም” ብምባል፡ ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ ንኣባላት ዘውቅለን ኩባንያታት ከምኡ’ውን ንዝተፈላለያ ትካላት በቦታዊኡ ስልጠናታት ክህብ ከም ዝጸንሐ ኣፍሊጡ። እቲ ክወሃብ ዝቐየየ ስልጠና ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ምሕደራ መቀያየሪ ኣቑሑት ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ብዝዕባ ፍልጠትና ካይዘን፡ 5S፡ TPM ኮታስ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ምሕደራ ንብረት ከም ዘጠቓለለ ገሊጹ። ኣብቲ ስልጠና ካብ ህዝባዊ መጉዓዝያ ከተማታት፡ ሳዋ ኩባንያ ህንጻ፡ ፖሊስ



ኣቶ ግርማይ ኣብረሀ

ኤርትራ፡ ኣስበኮ፡ ቤት-ፅዮ ምህንድስና ቤት-ገርግሽ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ኢራትልን ዝተዋጽኡ ኣሰታት 19 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከቦኦም 50 ሰራሕተኛታት ከም ዝተሳተፍዎ ወሲኹ ጠቒሱ።

እቲ ዝተዋህበ ስልጠናታት ኣብ ሸሞንተ ንኡስ ኣርእስታት ዘተኰረ ኮይኑ፡ ንምሕዳራ ንብረት፡ Essential for efficient parts management፡ ካይዘን፡ ክፍሊታት ቀጻጸር፡ part supply logistics chain፡ ቀጻጸር ዝርዝራዊ ፍቕዲ (inventory control)፡ ፍልስፍና 5s’ን TPM’ን ዘጠቓልል ከም ዝነበረ ኣቶ ሰሎሙን ኣስዒቡ ገሊጹ። ብዘይካ’ዚ ኣብ ካልእ እዋናት ካብ ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ ወጻኢ ዝተዋህበ ስልጠናታት Appropriate Technology ማለት ተኸዚክ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ምሕደራ ንብረትን ቤት-ፅዮታትን ናብ ሕብረተሰብ ንምትሕልላፍ

ለውጢ ከምጸእ ዝኽእል ትምህርቲ ከም ዝሓቘፈ ገሊጹ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ እቶም ሰልጠንቲ ዝደለብዎ ፍልጠት ብዝያዳ ኣብ ባይታ እናሰርሐሉ ምስ ዝመጹ፡ ኣብ መፈጸምታ እቲ ድምር ውጽኢት ኣብ ሃገራዊ ዕማም ቀሊል ኣበርክቶ ከም ዘይህልዎ ልዑል እምነት ከም ዘለዎም ሓቢሩ፡ ወሲኹ፡ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ብተግባር ከም ዝዋደሉ ኣረጋጊጹ።

ካብኡ ብምቕጻል፡ ሰልጠንቲ ብዛዕባ ዝቐሰምዎ ምህሮ ብቡተራ መግለጺ ኣቕሪቦም። ንገለ ውሑድ ካብቲ ዝቐረበ ኣርእስታት ብኸፊሉ ምስ እንድህስስ፡ TPM - ማለት ካብቲ ዝለዓለ ሓላፊ



ኣቶ ሰለሙን ነጋሽ



ኢንጅነር ታደሰ ሞሳዝጊ

መኽዘን ወይ ሸልፍ ምቕማጥ እዩ። ኑቶም ዘድልዩና ንብረት ምጉሓፍ ወይ ምውጋድ ማለት እዩ፡ ካልኣይ፡ እቶም እንጥቀመሎም ብዮዝቱ ከከም ኣድላይነቶም ኣብ ቅድሚት ምስራዕ እዩ፡ ሳልሳይ፡ ንብረት፡ መሳርሒታትን ከቡበን ብጽሬት ከምኡ ድማ፡ ብጽፈት ምሓዝ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣኩዓድናናን ቁመናናን ንስራሕ ዝውቅል ክኸውን ይግባእ። ራብዓይ፡ ኑቶም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ሰለስተ ነጥብታት ግድነት ብቐጻሊ ኣብ ቦታ ስራሕ ምትግባር እዩ፡ ሓሙሻይ፡ እቲ ኣሰራርሓ ሕጋውን ግድነታውን ምዃኑ ምግንዛብ ኮይኑ፡ ቀጻልነቶም ምርግጋጽ ዝብሉ ነጥብታት ዝሓቘፉ እዮም።

ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ብዛዕባ ቀጻጸር ዝርዝራዊ ፍቕዲ (inventory control)

ከምኡ’ውን ወጻኢታት ብምጉዳል ቀጻሪ ሰራሕተኛታት ንምቕናስ ዝሕግዝ እዩ። ካልእ እቲ ዘደለ ንብረት ብዓይነትን ብዓቕን ምፍላጥ ወይ ምፍላይ እዩ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ኣብቲ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ካብ ዝተሳተፉ ኣርእስታት ድማ፡ ሜላታት ወይ ቴክኒክ ግቡእ ኣቀማምጣ መኽዘን እዩ። ኣብ መኽዘን ዝቕመጥ ንብረት ብዓቕን ወይ ቅርጺ፡ ምንቅስቓስ ብዘጥየም ኣገባብ፡ ብኩብደት ናይቲ ኣቕሓ፡ ብማእከላይ ቁመት ሰራሕተኛታትን ካልእ መለክዒታትን ክቕመጥ ከም ዘለዎ ተገሊጹ። ስለዚ፡ ግቡእ ኣቀማምጣ መኽዘን ንብረት ካብን ናብን ንኽንቀሳቐስ ከም ዝሕግዝ ከምኡ’ውን ብዙሕ ባጀት ካብ ምብኻን ዘድሕን፡ ድሕንነትን ውሕስነት ሰራሕተኛታት ዘረጋግጽ ከም ዝኾነ ተሓቢሩ።

ኣካያዲ ስራሕ ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ ኣቶ ግርማይ ኣብረሀ ብወገኑ “ሰልጠንቲ ኣብ ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ ረኺብኩሞ ዘለኹም ስልጠና፡ ኣብ ልዕሊ’ቲ ኣብ እትሰርሕሉ ትካል ዘጸናሕኩም ብሓደ ወገን በቲ ኻልእ ከኣ ኣብ ልዕሊ ዝጀንሓክም ውልቃዊ ፍልጠት መመላእታ እዩ። ከም ዝፍለጥ ውልቃዊ ፍልጠትን ክእለትን ኣብ መዓል እንተ ወዓለ፡ ክልተ ረብሓታት ኣለዎ። እቲ ቀዳማይ፡ ሃብቲ ሃገር ክኸውን እንከሎ፡ ካልኣይ ከኣ ውልቃዊ ሃብቲ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ሃብቲ ሃገር ማለት ኣብቲ ተዋፊርኩምሉ ዘለኹም ዕዮ ምቕላል ተራ ክህልዎ እንከሎ፡ ካልእ ናይ ውልቃኹም ትካል ምስ እትኸፍቱ ከኣ ኣኽሲቢ ትካል ክትውንኑ ትኽእሉ።

ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ፡ ብዮዝስ ካብ ዝበል ኣትሒዙ ዝሓንጸጾን ዘተግብሮ ዘሎን ተልእኾ Appropriate Technology ንሕብረተሰብ ኤርትራ ንምትሕልላፍ እዩ። Appropriate Technology ማለት ተኸዚክ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ምሕዳራ ንብረትን ቤት-ፅዮታትን ዘጠቓለለ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ ብዙሕ ሰሪሑሉ እዩ። እዚ ሎሚ ዝቶኑድ ዘሎ ስነ-ስርዓት መመረቕታ እውን ኣካሉ ወይ መቐጸልታኡ ኮይኑ፡ ብድሕሪ ሕጂ’ውን ክቕጽል እዩ” ብምባል መግለጺኡ ዛዚሙ።

ቀንዲ ተልእኾ ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ፡ ከም ወግዓዊ ወኪል ቶዮታ፡ ኮማትሱን ያማሃን ከም ምዃኑ መጠን ኣብ ሃገርና ዝተፈላለዩ ፍርያት ምምጻእን ምሻጥን እዩ። ካልእ፡ ወጻኢታዊ፡ ኣተኣማማንን ኣዕጋብን ናይ ድሕረ መሸጣ ጽገና ትካል ቶዮታ፡ ኮማትሱን ያማሃን ምርግጋጽ እዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ንዝተፈላለያ ዘውቅለን ትካላት ኣገልግሎት ምሃብ እዩ። ማዕረ-ማዕሪ’ዚ፡ ራእይ ናይ’ቲ ካምፓኒ ድማ፡ ከም ሃገራዊ ትካል መጠን ኣፍሪዩ፡ ብቑዕን ብዓል-ሞያን ዝኾኑ መንእሰይ ምምልማል እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣታዊታቱ ንምዕባይ ኣብ ቀረባ እዋን ደረጃኡ ዝሓለወ ሰፊሕ ትካል ንምምሳራት መደብ ሓንጺጹ ይርከብ። ብዘይካ’ዚ፡ ዝርገሐኡ ንምስፋሕ ኣብ ዞባ ማእከል ጥራይ ተሓጺሩ ዘጸንሐ ኣገልግሎት፡ ናብ ምሉእ ሃገር ብምስፋሕ ተወሳኺ ጨንፈራት ንምምስራት መደብ ኣለዎ። ከምኡ’ውን ምስ ዓውዲ ኣውቶሞቲቭ ዝተኣሳሰሩ ኣፍረይቲ ትካላት ምህዞን ስነዖን ምምስራት እዩ።



ዓሊሙ ከም ዝተኻየደ ብምሕባር፡ እዚ ድማ ከም ሃገራዊ ኩባንያ ኣብ ህንጸት ሃገር እጃሙ ንምብርካት ኣተኲሩ ከም ዝሰርሕ ኣብሪሁ። ቀጺሉ፡ ንሓይሊ ባሕሪ ኣብ ገደም፡ ንኩባንያ ህንጻ ሰገን ኣብ ቤት-ገርግሽ ከምኡ’ውን ንሓይሊ ባሕሪ ኣብ ደንገሎ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ከም ዝተዋህበ ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ትካል ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ’ውን ክወሃብ ከም ዝጸንሐ ኣብሪሁ። ንሱ ኣስዒቡ፡ “እዚ ካምፓኒ ኑቲ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ኣብ ሃገርና ንዝርከብ ትካላት ንምትሕልላፍ ወትሩ ማዕጾኡ ርሑው እዩ” ክብል ድልውነቱ ኣረጋጊጹ።

ብድሕሪ’ዚ፡ ወኪል ተመረቕቲ ኢንጅነር ታደሰ ሞሳዝጊ ብወገኑ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና ኣብ ምሕደራ ንብረት፡ ዕድጊን ሓፈሻዊ ምቅይያር ንብረት መካይንን ዘተኰረ ኮይኑ፡ እቲ ዝተዋህበ ትምህርቲ ኣብ ዝሰርሑሉ ትካል ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ዓቢ

ብዘይካ’ዚ፡ 5s ሓደ ኣሃዱ ናይ ካይዘን ኮይኑ፡ ንኣፍራይነት ይኹን ብሉጽነት ኣጉዳሲ ምዃኑ ብሰልጠንቲ ተሓቢሩ። ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ይኹን ህይወት ድማ ክዘውተር ዘለዎ ኣካይዳ እዩ። ዝርዝራት 5s ምስ እንጠቅስ፡ ቀዳማይ ዘድልየካን ዘየድልየካን ንብረት ምምማይ እዩ። ኑቶም ኣብታ ግዜ እንጥቀመሎም ምቕራብ ክኸውን እንከሎ፡ ኑቶም ዘየድልዩና ከኣ ኣብ

ዝገልጽ መግለጺ እውን ብተመረቕቲ ቀሪቡ ነይሩ። ኣብ መኽዘን ዝቕመጥ ንብረት ብኸመይ ኣገባብ ክቕመጥ ኣለዎ? ንምምዋል ዘድልዩ ንብረት ብኸመይ ኣብ እዋኖም ክርከቡ ኣለዎም? ዝብሉ ካልኦት ነጥብታት ዘጠቓልል እዩ። ብመንጽሩ፡ ብኸመይ ኣታዊታት ትካላት ይዓቢ ምግንዛብ እዩ። ቀንዲ ዕላማ ናይ’ዚ፡ ኣብ መኽዘን ንብረት ንምውሓድ



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዕጫ ዋንጫ ዓለም 2026 ወዲቑ

ዕጫ ዋንጫ ዓለም ደቂ ተባዕትዮ 2026፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ዋና ከተማ ኣመሪካ - ዋሽንግተን ዲሲ ወዲቑ።

እዚ ተበጊሲ ዓለምለኻዊ ውድድር ከዕሶ እግሪ ኣብቲ ናይ 96 ዓመታት ጉዕዞኡ፡ ተሳተፍቲ ሃገራት ንፈለማ ግዜኡ ካብ 32 ሃገራት ናብ 48 ክብ ኢሉ ክሳላል እዩ። ብዘይካዚ፡ ንፈለማ ግዜኡ እዩ ኣብ ሰለስተ ሃገራት ክካየድ - ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካናዳን ሜክሲኮን።

ብዝሒ ሃገራውያን ጋንታታት ናብ 48 ክብ ብምባሉ ከኣ እቲ ኣብ ሸሞንተ ምድብ ዝነበረ፡ 12 ምድብ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ውድድር፡ ኣብ 1998 ናብ 32 ሃገራት ክብ ምስ በለ ክሳብ 2022፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ ሸሞንተ ምድባት ዝነበራ ጋንታታት ንሓድሕደን ሰለስተ ግጥማት ድሕሪ ምክያደን፡ ክልተ ቀዳሞት ናብ ዙር 16 ይሓልፋ ምንባረን ይፍለጥ።

ኣብዚ ናይ 2026 ማሰናድኦ ግን፡ ምስ ምውሳኽ 16 ሃገራውያን ጋንታታት፡ ፍልይ ዝበለ ማስርሕ ክሓልፋን ሓንቲ ናይ ኣውዲቖካ ምሕላፍ ጸወታ ተወሲኻን ትርከብ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምድብ፡ ንሓድሕደን ሰለስተ ግጥማት ድሕሪ ምክያደን፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ 12 ምድብ ክልተ ቀዳሞት ብቐጥታ ብምሕላፍ 24 ሃገራውያን ጋንታታት ናብ ካልኣይ ዙር ክሓልፋ እየን። እዚ ብዝሒ ንኣውዲቖካ ምሕላፍ ስለዘይጥዕም ድማ፡ ካብተን 12 ሳልሳይ ደረጃ ዝሓዛ ሃገራት፡ እተን ዝለዓለ ነጥቢ ዘለወን ሸሞንተ ሃገራት ናብ ዝቐጽል መድረኽ ክሓልፋ እየን። ኣቐዲሙ ናይ ኣውዲቖካ ምሕላፍ ዙር 16 ዝነበረ ዝነበራ ከኣ 32 ክኸውን እዩ። ብምቕጻል፡ ብኣውዲቖካ ምሕላፍ ናብ ዙር 16፡ ርብዒ ፍጻመ፡ ፍርቂ ፍጻመን ሓሊፈን ከኣ ክልተ ኣብ መዛዘሚ ክጸዋሓ እየን።

ኣቐዲመን ናብ ፍጻመ (እንተላይ ንደረጃ) ዝጸዋሓ ዝነበራ ክልተ ጋንታታት፡ ብድምር ሸውዓተ ግጥማት ጥራይ እየን ዘዩዳ ነይረን። ሕጂ ግን ናብ ሸሞንተ ግጥማት ክብ ኢሉ ኣሎ። ብሓፈሻ ብዝሒ ግጥማት ከኣ ካብ 64 ናብ 104 ክብ ኢሉ ኣሎ።

| | | |
|---|---|---|
| ምድብ 1<br>መክሲኮ<br>ደቡብ ኣፍሪቃ<br>ደቡብ ኮርያ<br>ዕውትቲ መጻረዪ ጸወታ | ምድብ 2<br>ካናዳ<br>ቀጠር<br>ስዊዘርላንድ<br>ዕውትቲ መጻረዪ ጸወታ | ምድብ 3<br>ብራዚል<br>ሞሮኮ<br>ሀይቲ<br>ስኮትላንድ |
| ምድብ 4<br>ኣመሪካ<br>ፓራጓይ<br>ኣውስትራልያ<br>ዕውትቲ መጻረዪ ጸወታ | ምድብ 5<br>ጀርመን<br>ኩራሳኦ<br>ኣይቮሪኮስት<br>ኤኳዶር | ምድብ 6<br>ሆላንድ<br>ጃፓን<br>ቱኒዝያ<br>ዕውትቲ መጻረዪ ጸወታ |
| ምድብ 7<br>ቤልጁም<br>ግብጺ<br>ኢራን<br>ኒው ዚላንድ | ምድብ 8<br>ስጳኛ<br>ኬብ ቨርደ<br>ሱዑዲ ዓረብ<br>ኡራጎይ | ምድብ 9<br>ፈረንሳ<br>ስፔጋል<br>ኖርወይ<br>ዕውትቲ መጻረዪ ጸወታ |
| ምድብ 10<br>ኣርጀንቲና<br>ኣልጀርያ<br>ኦስትሪያ<br>ጆርዳን | ምድብ 11<br>ፖርቱጋል<br>ኡዘፐኪስታን<br>ኮሎምቢያ<br>ዕውትቲ መጻረዪ ጸወታ | ምድብ 12<br>እንግሊዝ<br>ኩሮኤሽያ<br>ጋና<br>ፓናማ |

ፕረዚደንት ኮንፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዓለም ማለት ፊፋ ዝኾነ ጂያኒ ኢንፋንቲኖ፡ "እዚ እቲ ዝዓበየ ዋንጫ ዓለም ክኸውን እዩ፤ ዝዓበየ ፍጻመ ግጥም ኩዕሶ እግሪ" ክብል ንዕበዩ ገሊጽዎ።

በዚ ኮይኑ በቲ ቀደሚ'ዚ ናይ ቀደሚ ትማሊ ዕጫ፡ ምሕላፈን ዘረጋገጻ ሃገራውያን ጋንታታት 42 እየን። እተን ተረፍ ዘለዋ ሽዱሽተ ኮታ ከኣ ዝመጽእ ወርሒ መጋቢት ናይ ክልተ እግሪ መጻረዪ ጸወታ (ፕለይ-ኦፍ) ዝተዓወታ ሃገራት ክመልኣኣ እየን። እተን ንዋንጫ ዓለም ሓሊፈን ዘለዋ ሃገራት ከኣ ብኢጋኡ መጋጥምተን ፈሊጠን ኣለዋ።

እዚ ንፈለማ ግዜ ኣብ ሰለስተ ሃገራት ዝካየድ ዋንጫ ዓለም 2026፡ 11 ሰነ ጀሚሩ 19 ሓምለ ክዛዘም መደብ ተታሒዙ ኣሎ።

## ፖጋቻ፡ ብሉጽ ተቐዳዳማይ ዓለም 2025 ተባሂሉ




ስሎቬንያዊ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ - ታደይ ፖጋቻ፡ ዓርቢ ምሸት፡ ንብሉጽ ወዲ ተባዕታይ ተቐዳዳማይ ዓለም 2025 ዝዕደል ሽልማት 'ቨሎ ዲ'ኦር' ዓቲሩ።

ፖጋቻ፡ ኣብዚ ዓመት ዝዙር ፈረንሳ ክዕወተሉ እንከሎ፡ ሻምፕዮን ኤውሮጳን ዓለም'ውን ክኸውን በቒዑ። እዚ ወዲ 27 ዓመት ጉብለል ተቐዳዳማይ፡ ንሰለስተ ናይ ሞኑመንት (ክላሲክ ኮይኖም ብዕበዮቶም ሓሙሽተ ንብዩናም ዝጽውዑ) ውድድራት ሎምባርዲያ፡ ሌዥ ባስቶኝ ሌዥን ስትራዳ ብያንከን ተዓዊቱሎም። ብሓፈሻ ኣብዚ ዓመት 17 ናይ መድረኽ ዓወታት ኣመዝጊቡ።

እዚ ተቐዳዳማይ ዩኤኢኤ ኢማራትስ'ዚ ዓሚ'ውን ዝተዓወተሉ ሽልማት ወሲኽካ ንሳልሳይ ግዜኡ'ዩ ሽልማት "ቨሎ ዲኦር" ዓቲሩ። በዚ ከኣ ምስ ክሪስቶፈር ፍሩም ተመዓራሪዩ ኣሎ። ብኣርባዕተ ዓወታት መሪሒ ዘሎ ግን ስጳኛዊ ኣልቤርቶ ኮንታዶር እዩ።

ፖጋቻ፡ ኣብቲ ምሸት ሽልማት 'ኢዲ መርክስ' እውን ተዓዊቱ እዩ - ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ብዘርኣዮ ጸብለልታ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ፈረንሳዊት ተቐዳዳሚት ፓውሊን ፈ ራ ድ - ፕ ረ ቮ ት 'ብልጽቲ' ተሰምያ።

## ፖቸቲኖ፡ ናብ ፕሪመር ሊግ ክምለስ ከም ዝደሊ ገሊጹ

ናይ ቀድም ዓላሚ እንግሊዛዊት ክለብ ቶተንሃም - ማውሪሽዮ ፖቸቲኖ፡ ናብ ፕሪመር ሊግ ክምለስ ከም ዝደሊ ገሊጹ።

ፖቸቲኖ፡ ንቶተንሃም ሐዙ ኣብ 2019 ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ኣብ ፍጻመ በጺሑ እኳ እንተነበረ፡ ብሊቨርፑል ምስዓሩ ይዝከር።

ፖቸቲኖ፡ ወላ'ኳ ኣብዚ እዋን ንሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ኣመሪካ ኣብ ምዕላም ሕገስ ከምዘሎ እንተገለጸ፡ "ፕሪመር ሊግ፡ ዝበለጸ ኣብ ዓለም እዩ። ብልክዕ ይናፍቖ እየ። ሓደ መዓልቲ ክምለሶ ኩሉ ግዜ እዩ ዝሓስብ። ክምለስ ድማ እየ ዝደሊ" ኢሉ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ፕሪመር ሊግ መበል 15 ሰሙን
ብራይቶን - ዌስት ሃም 5፡00 ድ.ቀ
ፋልሃም - ክሪስታል ፓላስ 7፡30 ድ.ቀ
ላ'ሊጋ መበል 16 ሰሙን
ሪያል ማድሪድ - ሰልታ ቪጎ 11፡00 ድ.ቀ
ሰሪ'ኣ መበል 14 ሰሙን
ናፖሊ - ጁቬንቱስ 10፡45 ድ.ቀ

**ሰኑይ**

ፕሪመር ሊግ መበል 15 ሰሙን
ዎልቨስ - ማን ዩናይትድ 11፡00 ድ.ቀ

## ሮናልዶን ካፉን ብዛዕባ ነይማር . . .



ሮናልዶን ካፉን፡ ኣብቲ ዋንጫ ዓለም 2002 ዘልዓልሉ እዋን

ናይ ቀደም ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ሮናልዶን ካፉን ብዛዕባ ህሉው ብቕዓት ወዲ ሃገሮም - ነይማር ጁንዮር ዝተፈላለየ ሓሳብ ሂቦም።

ኣብዚ እዋን ካብ ኤውሮጳ ወጺኡ ኣብ ናይ ሃገሩ ክለብ ሳንቶስ ዝጻወት ዘሎ ነይማር፡ ሰሪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ ብርክት ዝበሉ ግጥማት ክእለ ተቐሲቡ ደርኩቡ። መጸኢኡ ኣብታ ንዋንጫ ዓለም 2026 እትዳሎ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል'ውን ኣዘሪቢ ኮይኑ ደርኩቡ።

ብተዳጋጋሚ መጉዳእቲ ዝሳቐ ነይማር፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ-ሰለስተ ግጥማት ክለቡ፡ ቁመናኡ ኣዝዩ ተመሓይሹ ምህላዉ ኣርእዩ እዩ። ብፍላይ ዝሓለፈ ሓሙስ ንጁቨንቱደ ዝተባህለት ክለብ 3-0 ኣብ ዝሰዓርሉ ጸወታ ንክልተን ሸቶታት ብምምዝጋብ ሃትሪክ ሰሪሑ፣ ንክለቡ ካብ ዝነበረቶ ናይ ምውራድ ሓደጋ ድማ ኣላጊልዋ።

ነይማር፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓደ ዕቑድ፡ እቲ ዝየዳ ቀላሕታ ዝወሰነ ኣዝዩ ኣጉዳሲ ተጻዋታይ ብራዚል እዩ። ኣብ ሃገሮም ኣብ ዝተኻየደ ዋንጫ ዓለም 2014፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ኣንጻር ኮሎምብያ ከቢድ ናይ ሕቖ መጉዳእቲ ገጢምዎ እምበር፡ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሓ ዘኽእሎ ብሉጽ ዓቕሚ ነይርዎም እዩ። ኣብቲ እዋን ብምህረምቲ እዚ ተጻዋታይ ኣዝያ ዝተሃስየት ብራዚል፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ብጀርመን 7-1 ተሳዒራ፣ ኣብ ናይ ደረጃ ከኣ ብሆላንድ ተረቲዓ ራብዐይቲ ምውዳኣ ይዝከር። ነይማር፡ ኣብ ኦሎምፒክ 2016፡ ንሃገሩ መሪሑ ወርቂ መዳልያ ኣምጺኡ እዩ። ብተኸታታሊ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2018ን 2022ን እዋን እቲ መሪሕ ተጻዋታይ ንሱ እዩ ነይሩ።

ይኹን እምበር፡ ሓደ እዋን ካብቶም ዝበለጹ ተጻወትቲ ዓለም ዝነበረ እዚ ወዲ 33 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ኣብዚ እዋን ብመጉዳእትን ካልእ ምስኡ ዝተኣሳሰር ምኽንያትን ቁመናኡ ከምቲ ናይ ቀደሙ ከምዘየለ ይግለጽ። ብራዚል ዋንጫ ዓለም ኣብ 2002 ከተልዕል እንከላ ሓለቓኣ ዝነበረ ካፉ ብዛዕባ ነይማር ሰኪፍታኡ ገሊጹ ኣሎ።

ካፉ፡ "ኣብ ዝሓለፉ 15 ዓመታት፡ ነይማር መዳርግቲ ዘይርከቦ ኮኾብ ብራዚል ኮይኑ'ዩ ቀጺሉ። ዓቢ ሓላፍነትን ትጽቢትን ኣብ እንግድዖኡ ከኣ ተሰኪሙ። እንተኾነ፡ ሓደ ተጻዋታይ ንብዩኑ ዋንጫ ዓለም ኣየዕትረናን እዩ። ኣብዚ እዋን'ውን እንተኾነ ኩሉ ተሰፋና ኣብኡ ምግባር፡ ከቢድ እዩ፤ ምኽንያቱ፡ ንሰለስተ ግጥማት ብተኸታታሊ እኳ ክጻወት ስለዘይክእል" ኢሉ።

ብኣንጻሩ፡ ኣብ ፍጻመ ጸወታ 2002 ብራዚል ንጀርመን 2-0 ስዒራ፡ ዋንጫ ከተልዕል እንከላ፡ ንኽልተአን ዘመዝገበን ሮናልዶ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ነይማር ምሉእ እምነት ከምዘለዎ ገሊጹ። "ነይማር፡ ኣዝዩ ኣጉዳሲ ተጻዋታይ እዩ ንብራዚል - ክንዳኡ ዝኸውን የለን።" ዝበለ ሮናልዶ፡ ነይማር ኣብ ልክዑ ማስመር ምህላዉ ከም ዝኣምን ገሊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዓላሚ እዛ ጋንታ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ብዛዕባ ነይማር ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ብራዚል ምስ ነይማር፡ ወይ ብዘይ ነይማር ክንሓስብ ኣለና። ውድድር ሰነ እዩ፤ ገና ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ኢና ዘለና። ኣነ ከኣ ኣብ ግንቦት እየ ክመርጽ። ስለዚ ነይማር ጸቢቑ እንተዝሓለዩን ዝዋንኡ እንተኾይኑን ክጻወት እዩ። እንተ ኣነ ንዝኾነ ሰብ ዕዱ የብለን" ኢሉ። እዚ ኢጣልያዊ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ንነይማርን ቪንስዩስን ኣብዛ ጋንታ ክምረጹ እንተኾይኖም 100 ሚእታዊት ኣብ ብቑዕ ኩነታት ክህልዉ ከም ዘድሊ ገሊጹ ነይሩ።

## "ንጓርድዮላ፡ ከም ተመን እምበር ከም ሰብ ኣይርእዮን እየ" ቱረ

ኣይቮሪያዊ ናይ ቀደም ተጻዋታይ ማን ሲቲ - ያያ ቱረ፡ ዓላሚኡ ንዝነበረ ፐፕ ጓርድዮላ 'ተመን' ክብል ገሊጽዎ።

ጓርድዮላ፡ ኣብ 2008 መዘውር ምዕላም ባርሴሎና ድሕሪ ምሓዙ፡ ኣብ 2010 ንሰርጂዮ በስኬት ካብ ካልኣይቲ ክለብ ባርሴሎና (ቢ) ኣምጺኡ፤ ምእንቲ ዕድል ክረኽብ ኢሉ፤ ኣብ እዋኑ ጸላዊ ተጻዋታይ ንዝነበረ ያያ ቱረ ከም ዘሸጦ ይዝከር።

ኣብ 2016፡ ጓርድዮላ ናብ ማን ሲቲ ድሕሪ ምምጻኡ ከኣ፡ ቱረ ኣብታ ጋንታ ብምንባሩ ደጊሞም ተራኺቦም። ኣብ ግንቦት 2018 ግን፡ ወዲ ተጻዋታይ ሲቲ ዝነበረ ቱረ ካብታ ክለብ ተፋንዩ። ወኪል ቱረ ዝነበረ ዲሚትሪ ሰሉክ፡ ዋላ'ኳ ድሒሩ ይቕረታ እንተሓተተሉ፤ ኣብ ኣተሓሕዛ እቲ ተጻዋታይ ንጓርድዮላ ዝተቓወመ ብቓልዕ ተዛሪቡ ነይሩ።




ቱረ'ውን ወላ'ኳ ኣብቲ ግዜ ቀም ሐዚ ዝወጸ ኣይምሰል፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ግን፡ "ንጓርድዮላ፡ ከም ተመን እምበር ከም ሰብ ኣይርእዮን እየ" ክብል፡ ብዙሕ ከም ዘጉሃዮ ተዛሪቡ። በዓልቲ ቤት ቱረ'ውን ብዋጋይኣ ነቲ ስጳኛዊ ዓላሚ 'ተንኮለኛ'ዩ' ክትብል ምግላጻ ይንገር።

## ብራዚልን ፈረንሳን ኣብ ናይ ምሕዝነት ጸወታ . . .

ዓበይቲን ዕውታት ዋንጫ ዓለም ዝኾና ሃገራውያን ጋንታታት ብራዚልን ፈረንሳን፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት ኣብ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ክራኸባ እየን።

በዚ ከኣ ኣብ ሪያል ማድሪድ ደቂ ጋንታኡ ዝኾኑ ብራዚላውያን ቪንስዩስ ሮድሪጎን ሚሊታኦን ኣንጻር ፈረንሳውያን ናይ ምጣኑ ካማቪንጋን ቸመኒን ክራኸቡ እዮም።